
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.117 ሰንበት 14 ጥሪ 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ገለ ካብ ቀዳሞት ምህዞታት ስልጣነ ግብጺ

ገጽ 3
ለበዋ ናይ'ታ ኣደ


ገጽ 4
ብብዝሒ ኮፍ ምባል - ዘይነስተ ብህለሉ ጸላኢ!


ገጽ 5
ኣዋጅ መርሓ ምክልኻል፡ ምሕደራን ፍወሳን ኣከባቢ ኤርትራ


ገጽ 11
ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ኣብ 2024 . .


## ፖሊስ ኤርትራ፡ መደባት 2023 ብምግምጋም ኣብ ውጥን 2024 ዘትዩ





ፖሊስ ኤርትራ ብ11 ጥሪ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝገበሮ ኣኼቡ፡ መደባት 2023 ብምግምጋም - ኣብ እማመ ውጥን 2024 ዘትዩ፡፡

ኣብ'ቲ ሓለፍቲ ጨናፍር፡ ኣዘዝቲ ዞባታት፡ መደብራት ፖሊስን ካልኦትን ዝተረኽብሉ ኣኼቡ፡ ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ ኮሎኔል መሓሪ ጺጋይ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ምስ ዓመተ 2022 ብምንጽጻር - ብደረጃ ሃገር ገበናት ብ8.2 ሚእታዊት፣ በደላት ደማ ብ14.6 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ ገሊጹ፡፡

ሓደጋታት ተሽከርከርቲ ብዝምልከት፡ መጠን ሓደጋታት ካብ'ቲ ናይ 2022 ብ4.4 ሚእታዊት እኳ እንተነከየ፡ ብዝጋጠመ 3,523 ሓደጋታት - 128 ሞት፡ 1,616 ከበድን ቀሊልን መቑሰልቲ፡ ልዕሊ 42 ሚልዮን ናቕፋ ዝትመን ክሳራ ኣብ ንብረት ከምዝወረደ ኣመልኪቱ፡፡

ጥሕሰት ሕጊ ትራፊክ ንምቍጽጻር ኣብ ዝተዓመ ስራሕ፡ 7,886 መራሕቲ መካይን ብሓደገኛ ኣመራርሓ፡ 389 ብኣልኮላዊ መስተ፡ 2,472 ብዘይተሓደሰ መመርሒ ፍቓድ፡ 14,050 መቐመጢ ብዘይምጥቃም፡ 11,836 ተሽከርከርቲ ድማ ዓመታዊ መርመራ - ብስቕሰውዶ ብዘይምግባር ተኸሲሶም - ሕጋዊ ስጉምቲ ከምዝተወስደ ኣረዲኡ፡፡

ኮሎኔል መሓሪ ጺጋይ፡ 1559 ገበናትን 12 በደላትን "ፈጸምቶም ዘይተለለዩ" ተባሂሎም ተመዝጊቦም ምህላዎም ብምጥቃስ፡ መደብራት ፖሊስ ተወሃሂደንን ምስ ሕብረተሰብ ተሓባቢረንን ንምቕላዖም፡ ከምኡ'ውን ብትሕቲ ዕድመ ዝፍጸሙ ገበናት ንምንካይ ዕቱብ ጻዕሪ ይቕጽል ከምዘሎ ኣብሪሁ፡፡


ተሳተፍቲ፡ ንጥፈታት ፖሊሳዊ ኩለሓታት (ፓትሮል) ብምሕያል - ገበናትን ሓደጋታት ተሽከርከርትን ብ15 ሚእታዊት ምጉዳል፣ ገበን ናይ ምቕላዕ ዓቕሚ ምብራኽ፣ መርመራ ፈጸምቶም ዘይተለለዩ ገበናት ምሕያል፣ ስግረ-ዶባዊ ገበናት ናይ ምብዳህ ዓቕሚ ክዕብ ምባል፡ ኣብ ዝትሕዝቶኡ ውጥን ስራሕ 2024 ዘትዮም፡፡

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ 2023 ኣብ ዝተሰላሰለ ፖሊሳዊ መደባት፡ ብሉጻት ኮይኖም ዝተረኽቡ ትሸዓተ ኣባላትን ሓንቲ መደበር ፖሊስን፡ ብኣዘዝቲ ሓይልታት ፖሊስን ጸጥታን ብርጋዴር ጀነራል ስምኦን ገብረድንግልን ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ ኮሎኔል መሓሪ ጺጋይን - ናይ ኣፍልጦ ወረቐት ምስክርን ገዝባዊ ሽልማትን ተዓዲሎም፡፡

በቲ ኣጋጣሚ፡ "ኣገዳስነት እሩም ባህርያትን ስነምግባርን ኣብ ወሃቢት ኣገልግሎት" ብዝብል ኣርእስቲ - ብኣባል ማእከል ትካላዊ ብቕዓት ኤርትራ ዶ/ር ታደሰ በየነ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ፡፡

## ቤት-ጽሕፈት ካዳስተር፡ ሰነዳት ብዲጂታላዊ መልክዕ ክዕቀብ ጀሚሩ

ኣብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣኽብብን - ቤት-ጽሕፈት ካዳስተር፡ ልዕሊ ሓደ ዘመን



ዘቑጸረ ሰነዳት ናብ ዲጂታላዊ መልክዕ ብምቕያር ክዕቀብ ከምዝጀመረ ገሊጹ፡፡

ዋና ዳይረክተር ናይ'ቲ ክፍሊ ኣቶ ሃብተሚካኤል ወልደጊዮርጊስ፡ እቲ ተዓቂቡ ዘሎ ሰነዳት - ክሳብ 135 ዓመት ዕድመ ዘለዎ ምዃኑ ሓቢሩ፡፡

ኣብ 2023 - ብጠቕላላ 2004 ቀዋሚ ንብረት ከምዝተመዝገበ፡ 91 ሚእታዊት ካብኡ ኣብ ዞባታት ደቡብን ማእከልን ምዃኑ ጠቒሱ፡፡

ረብሓታት ካዳስተራዊ ምዝገባ ኣብ ዝምልከት - ውሕስነትን ስሉጥነትን ምስግጋርን ንብረት ምርግጋጽ፣ ክርክራትን ብልሽውናን መሬት ምጉዳል፣ ግቡእ ምሕደራ መሬትን ሃብታን ምርግጋጽ ዝርከቦ. . . ብዙሕን ኣገዳሲን ጥቕሚታት ከምዘለዎ ኣረዲኡ፡፡

ጕድኒ-ጕድኒ'ዚ፡ ሞያዊ ዓቕሚ ሰራሕተኛታት ንምዕባይ - ኣብ ኣገዳስነት ካዳስተራዊ ምዝገባ፣ ቅዩሳዊ ካዳስተራዊ ስርዓተ-ሓበሬታ፡ ጽሑፋዊ ሰነዳት ናብ ዲጂታላዊ ዳታ ምቕያር. . . ዘጠቓልል ስልጠና ከምዝተዋህበ ኣቶ ሃብተሚካኤል ሓቢሩ፡፡

ቤት-ጽሕፈት ካዳስተር፡ ብኣዋጅ ምዝገባ መሬትን ካልእ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ቍጽሪ 95/1997 ከምዝቘመ ይፍለጥ፡፡

## ኣብ ዓድኢብርሂም፡ ተሳታፍነት ተመሃሮ ኣብ ትምህርቲ ዕብየት ኣርእዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ደገ - ምምሕዳር ከባቢ ዓድኢብርሂም፡ ተሳታፍነት ተመሃሮ ኣብ መጽናዕታን ማእከላይን ደረጃ ከምዝወሰኸ፡ ኩነታት ትምህርቲ ንምግምጋም ኣብ ዝተኻየደ ርክብ ተገሊጹ፡፡

ርእሰመምህር ቤት-ትምህርቲ ዓድኢብርሂም መምህር ኢብራሂም ዐስማን እቲ ተመዝጊቡ ዘሎ ዕብየት - እናተመሓየሸ ናይ ዝመጽእ ዘሎ ንቕሓት ወጽኢት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ሎሚ ዓመት 295 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 690 ተመሃሮ፡ ብስሩዕን ብመደብ ትምህርቲ ንጎብየትን ትምህርቶም ይከታተሉ ከምዘለዉ ሓቢሩ፡፡

ከርቲ ሸዱሽተ ዓድታት ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ዓድኢብርሂም ምጥርናፎም እውን ኣቲ ጉዳይ ብእወታ ዝጸለወ ምዃኑ ዝጠቐሰ መምህር ኢብራሂም፡ ቤት-ትምህርቶም ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2019/2020 ናብ ማእከላይ ደረጃ ምብራኹ፡ ተመሃሮ ትምህርቶም ክቕጽሉ ከምዝተተባብዑ ኣረዲኡ፡፡

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደገ ኣቶ ሀመድ ኢሉ ዝረአ ዘሎ ምዕባለ ዝያዳ ንምሕያሉን ኣብ ካልኦት ከባቢታት እወታዊ ጽልዋ ከምዝፈጥር ንምግባሩን ኣመሓደርቲ ከባቢ ጻዕርታቶም ክዛይዱ ኣዘኻኺሩ፡፡

ብተወሳኺ ወገን ኣብ ንኡስ ዞባ ደገ፡ ውዳበ መንእሰያት ብምሕያል፡ ኣበርክቶኦም ኣብ መደባት ልምዓት ዝድንፍዓሉን ተረባሕቶም ዝዕበየሉን ባይታ ንምፍጣር ዝዓለመ ርክብ ተኻይዱ፡፡

ጸሓፊ ህግደፍ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ዓብደልከሪም ዑመር፡ መንእሰያት ውዱብ ንጥፈታት ዘካይዱሉ ማእከል ስለዘድልዮም - ክሳብ ምምሕዳራት ከባቢ ዝወርድ ኣወዳድባ ክተኣታቶ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣዘኻኺሩ፡፡

ኣመሓዳሪ እቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ሀመድ ኢሉ፡ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ወጺኦም ዘለዉ መንእሰያት - በቲ ዝጥፍኡ ዓውዲ ስራሕ ክውደቡ ዝሓሸ ኣማራጺ ምዃኑ ኣመልኪቱ፡፡

## ቅሮራ - ኣብ ኦቲዝምን ዳውንሲንድሮምን ንቕሓት ዘበርኽ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ቅሮራ - ኣብ ኦቲዝምን ዳውንሲንድሮምን ዘሎ ደረጃ ንቕሓት ሕብረተሰብ ንምዕባይ ኣስተምህሮን ገስጋስን ኣካይዱ፡፡

ኣቦመንበር ማሕበር ኣቶ ኣማኑኤል ኣድሓኖም፡ ቁጽሪ ናይ'ቶም ምስ ኦቲዝም ዝነብሩ ወገናት ንምፍላጥን ንምድጋፎምን፡ ኣብ ንኡስ ዞባታት ገልዓሎ፡ ፎሮ፡ ሸዕብ፡ ጊንዳዕን ባጽዕን ዳህሳስ ከምዝተኻየደ፣ ዛጊት ድማ ልዕሊ 280 ዜጋታት ኣብ ጽላል ማሕበር ከምዝተሓቑፉ ብምግላጽ፡ እቲ መደብ ኣብ ዝተረፉ ንኡስ ዞባታት ክቕጽል ስለዝኾነ፡ ተራ ሕብረተሰብን ኩሎም ኣካላትን ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ፡፡

ዶ/ር ሰረቐ ኣፈወርቂ ካብ ሆስፒታል ባጽዕ ብወገኑ፡ ብዛዕባ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ብሓፈሻ፡ ተመሳሳልነትን ፍልልያትን ምልክታት ኦቲዝምን ዳውንሲንድሮምን ከኣ ብፍላይ፣ ስድራቤታት ኣብ ኣተሓሕዛን ክንክንን ደቆም ክኽተልዎ ዝግብኦም ሜላታት፣ ከምኡ'ውን ሳዕቤናት ማሪታዊ እምነትን ድሑር ኣረኣእያን ኣብ ጉዳያትን ንምእላዮም ዝሕግዙ ስነ-ፍልጠታዊ ኣገባባትን ሰፊሕ ኣስተምህሮ ሂቡ፡፡

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ቅሮራ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ብወገኑ፡ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ንምብዳህ ዘኽእል ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ምብራኽ ሓባራዊ ስራሕ ክዕመም ኣገዲሱ፡፡

# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ገለ ካብ ቀዳሞት ምህዞታት ስልጣነ ግብጺ

ኣብ ዓለም ካብቶም ቀዳሞት ብርሃን ስልጣነ ዝረኣዩ ህዝቢ ግብጺ ምዃኖም ይንገር። ጥንታዊ ግብጺ ስልጡን ሕብረተሰብ ትውንን ዝነበረት ሃገር እያ። ናይዚ ጉሉሕ ምስክር ስልጣነ ጥንታዊ ግብጺ፡ እቲ 147 ሜትሮ ዝቖመቱ ሃረማት - ፒራሚድ - እዩ። እዚ ምስክር እዚ፡ እቲ ዝበለጸ ካብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ዘይተቐድሐ፡ ናቶም ናይ ደቀ-ባት ግብጺ ስራሕ ምዃኑ ይእመን።

ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት፡ ጥንታውያን ግብጻውያን፡ ዓለም ርእያቶ ዘይትፈልጥ ዝማዕበለ ስልጣነ ነበሮም። ኣብ ከም ስነ-ቑጽሪ፡ ስነ-ፈለክ፡ ሕርሻ፡ ፍልስፍናን ካልእን ብዙሕ ሰጒሞም ነበሩ። ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ንኽልተ ካብቲ ኣደነቒ ምህዞታት ቀዳሞት ግብጻውያን ርኢና ነይርና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፤

### ምህዞ ወረቐት

ኣብ ከባቢ 140 ቅ.ል.ክ. ቻይናውያን ብምህዞ ወረቐት ንዓለም ከም ዝቐየሩ ይጥቀስ'ዩ። እንተኾነ ብዙሕ ዘይፈልጥዎ ዕዮ ግብጻውያን ብድሕሪ መጋረጃ ኣሎ። ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ግብጻውያን ካብ ፓፒይሩስ ዝተባህለ ተኽሊ ኣደናቒ መተካእታ ኣማዕቢሎም ነበሩ። [source: UCLA]። ተኽሊ ፓፒይሩስ ኣብ ዓዘቕቲ ዝኾነ ከባቢ ናይ ኒል ዝበቍል ኰይኑ፡ ተሪርን ጽሕጋውን እዩ። ጥንታውያን ብግብጻውያን ሰጥ ኣቢሎም ብምልሓጽ ከም መጽሓፊ ወረቐት ይጥቀምሉ ነበሩ። ብዘይካኡ'ውን ከም መቐዘፊ (መጀለቢ ጃልባ)፡ ጥላም ሰንደል ጫማ፡ ምንጻፍን ካልእን ክጥቀምሉ ክኢሎም ነበሩ።

ጥንታውያን ግብጻውያን ካብ ተኽሊ ፓፒይሩስ ዝረኸብዎ መጽሓፊ ገጻት፡ ከም ብራና እናጠቕለሉ ይጥቀምሉ ነበሩ። ንመጽሓፊ ንዝተፈላለየ ጽሑፋት ሃይማኖት፡ ስነ-ጽሑፍን ሙዚቃን ከኣ ተጠቒሞሙሉ። ንመጽሓፊ ዝኸውን ገጻት ፓፒይሩስ፡ ኣብ ፈለማ እዋን ብዙሕ ግዜ ይወስድ ነበረ። ብኸመይ ንመጽሓፍ ዝኸውን ገጻት ከም ዝዳሎ'ውን ማንም ዝፈልጦ ኣይነበረን። እቲ ጥበብ ብምስጢር ተታሒዙ ነበረ። እቲ ዝተሰርሐ ገጻት ናብ ኵሉ ዞባታት ይዝርጋሕን ይሸየጥን እዩ ዝነበረ። ብ1965 ዶ/ር. ሓሰን ራጋብ ብተኽሊ ፓፒይሩስ ከመይ ገይርካ ወረቐት ይስራሕ ከም ዝነበረ ክሳዕ ዝረኸቦን ዘቃልዖን ድማ ምስጢር ነበረ። [source: Egyptian Papyrus] Discovering Egypt].

### ምህዞ ዓውደ - ኣውርሕ

ብዘይ ዓውደ-ኣዋርሕ እንታይ ዓይነት ህይወት ምሃለወና ኢልኩም ትሓስቡ? መዓልትን ሰሙንን፡ ሰሙንን ወርሕን፡ ወርሕን ዓመትን፡ ዓመትን ዘመንን፣ ኵሉ ሕውስውስ ዝበለጾ ምኾነ? ዝተወለድናሉ ዕለት ከመይ ኢልና ምገለጽናዮ? ከምቲ ናይ ኣቦታትና "ብዕራይ እንዳ እከለ ክጽጸድፍ እንከሎ፡" "ኣያ ኩስቶ ክዓርፍ እንከሎ፡" እነበልናዶ ምኾነ? ኣብ ስራሕ፡ ሕክምና፡ ቤት ፍርድን ካልእን ዝግበር ቈጸራታት ከመይ ምኾነ?

እዚ ናይ ሎሚ ኣናብራና ብብዙሕ ባላታት ዝተደገፈ እዩ። ኵሎም ምህዞታትን ርኽበታትን "ባላ-ባላ" እናበሉ ንናብራና ቀሊል ገይሮሞ ኣለው። ጥንታውያን ግብጻውያን ንግዜ ብዝቐለለ ምርድኡን ኣብ ጥቕሞም ንምውዓሉን ግሩም ዝኾነ ምህዞ'ዮም ምሂዞም፣ ዓውደ-ኣዋርሕ። ንሳቶም ንዓውደ-ኣዋርሕ እንተ ዘይምህዙ ፈለግ ኒል መዓስ'ዩ ዝመልእ ኣይምፈለጡን፣ ሕርሻኦም ብምልኡ ወትሩ ኣብ ሓደጋ ምነበረ።

ስሺላዊ ካላንደር ጥንታውያን ግብጻውያን ምስ ናብራኦም፡ ናብራ ሕርሻ፡ ዝተተሓሓዘ እዩ ዝነበረ። እቲ ዓውደ-ኣዋርሕ ኣብ ሰለስተ ዝተኸፍለ'ዩ፤ ምዕልቕላቕ፡ ምብቋልን ምዕጻድን ዝብሉ ሰለስተ ወቕትታት ነበሮ። ወከፍ ወቕቲ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ክህሉዋ እንከሎ፡ ወከፍ ወርሒ ኸኣ ኣርባዕተ መዓልታት ይነብራ። ነዚ ኹሉ ብምድማር ድማ ዓመት 360 መዓልታት ይነብራ። ካብዛ ናይ ሎሚ ዓመት ብገለ መዓልትታት ዝወሓደ ምዃኑ'ዩ። ነዚ ፍልልይ ጥንታውያን ግብጻውያን ብኻልእ መገዲ መሊኦሞ'ዮም። ኣብ መንጎ ናይ ዓጺድ ወቕትን ናይ ዕልቕልቕ ወቕትን ሓሙሽተ መዓልታት ወሲኾሙለን ነበሩ። እዘን ሓሙሽተ መዓልታት ከም ሃይማኖታውያን በዓላት ይውሰዳ ነበራ። እዚ ዓውደ-ኣዋርሕ፡ ምስ ግእዛዊ ዓውደ-ኣዋርሕና ዝመሳሰልዶ ይመስለኩም? [source: Weininger]



### ምህዞ ማሕረሻ

ማሕረሻ ኣብ ልምዳዊ ማሕረስ እንጥቀመሉ፡ ንመሬት እናጻሕተረ ዝኸይድ ሓጺን እዩ። ተመራመርቲ ታሪኽን ስነ-ጥንትን ማሕረሻ ኣበይን መዓስን ከም ዝጀመረ ርግጸኛታት'ኳ እንተ ዘይኮኑ፡ ኣብ ጥንታዊ ግብጽን ሳምራን ክኸውን ከም ዝኽእል ግን ሓሳቦም ሂቦም። ቀዳሞት ግብጻውያንን ሳምራውያንን ካብ 4000 ቅድሚ ሓባራዊ መዋእል (ቅ.ል.ክ.) ኣትሒዞም ብማሕረሻ ዝካያድ ሕርሻ ዘዘውትሩ ሕብረተሰብ ከም ዝነበሮም ዝተፈልጠ እዩ። [ምንጪ: Pryor]። ሓደ ምህዞ ወይ ርኽበት፡ ዝኾነ ናይ መስትርሆት ማዕጾ ወትሩ ይኸፍት። ኵሎም ዝሓለፉን ዝመጽኡን ምህዞታት ኰኑ ርኽበታት ከኣ ከምኡ ናይ ዝቐለለ ቅርዓት እናፈጠሩ ይኸዱ። ማሕረሻ ምስ ተማህዘ'ውን ካብቲ ኣቐዲሙ ዝነበረ ሓደ ዝቐለለ ኣገባብ ማሕረስ'ዩ ፈጢሩ። ይኹን እምበር ኣብ ፈለማ፡ ኣዕሚቑ ዝፍሕር ኣይነበረን። ናይ ኢደ-ጥበብ ክኢላታት (ሓጓዶ) ንምምሕያሹ ጽዒሮም።

ድሕሪ 2000 ቅድሚ ሓባራዊ መዋእል (ቅ.ል.ክ.) ጀሚሩ ግን እቲ ብዙሕ ጻዕሪ ዝነበሮ ናይ ማሕረስ ኣገባብ ግብጻውያን ቀየሩዎ። ናይቲ ግዜ ግብጻውያን፡ ኣብዑር ነቲ ማሕረስ ከም ዘካይድዎ ብምግባር፡ ንግራውቶም ኣዕሚቖም ክግምጥሉዎ ከኣሉ። [ምንጪ: Leju]። ብኣብዑር ዝግበር ኣገባብ ማሕረስ ክሳዕ ሕጂ እንጥቀመሉ ዘለና ኣገባብ እዩ። ኣብ መጀመርታ ግብጻውያን ኣብ ቀርኒ ኣብዑር ብምእሳር ከም ዝጕተት ክገብሩ እኳ እንተ ገበሩዎ፡ ንምትንፋስ እቶም እንስሳታት ኣጸጋሚ ነበረ። ጸኒሖም ኣብ ክሳዶም ብኣርዑት ከም ዝጽወር ብምግባር ዝሓሸ ኣገባብ መሃዙ። ምህዞ ማሕረሻ፡ ኣብ ሕርሻ ግብጻውያን ሰውራዊ ዝኾነ ለውጢ'ዩ ዝፈጠረ። ምስቲ ዘይቋረጽ ቀረብ ማይ ፈለግ ኒል ተወሲኹ፡ ሕርሻ ጥንታውያን ግብጻውያን ካብ ካልኦት ሕብረተሰባት ዓለም ዝቐለለን ዝመቻእን ኰይኑ ነበረ። ፍረ ሓደ ምህዞ ወትሩ ዝሓሸን ዝቐለለን ናብራ'ዩ ዝፈጥር።

---

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322


ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284

---

ግድል

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

## በላሕቲ እንዲኹም...




መንቋሕቋሕታ፤ እዚ ሕቶ ኣብቶም ቍጽሪታት ብዘሎ ዝምድና ብምልላይ ይስራሕ። ንመልሲኹም ኣብ ኵሉ ደረጃታት ከም ዝሰርሐ ብርትዒ ኣረጋግጹ። ምስ ፈተንኩሞ ምስ ብጻይኩም ተዛተይሉ። እንተዘየሎ ኣብቲ መንደቕ ሃሰስ በሉ።

---

ዳእላ ተመሃሮ

Teacher: *"Winnie, name one important thing we have today that we didn't have ten years ago."*

Winnie: *"Me."*

***

Teacher: *"John, why are you doing your math multiplication on the floor?"*

John: *"You told me to do it without using tables."*

***

ሜሪ ማና

---

ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ተውህቦኻ፡ እንታይ ክትገብር ከም ትኽእል ይውስን፣
ንያትካ፡ ክንዲ ምንታይ ክትገብሮ ትደሊ ይውስን፣
መትከልካ፡ ከመይ ገይርካ ትገብሮ ይውስን።"
- Lou Holtz

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ



# ቁርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ለበዋ ናይ'ታ ኣደ

ሓንቲ ኣደ ነቲ እንኮ ወዳ ናብ ገምገም ባሕሪ ሒዛቶ ብምኻድ ከተዘናግዮ ጀመረት። ኣብ'ዚ ሃዋህው'ዚ ድማ፡ ንወዳ ገለ ነገር ክተሰንቖ ደለየት። "ውሉደይ ዝ ባሕሪ እሞ



ጠሞቶ። ባሕሪ ንጹህ ኣየር ዝውሃበና ንምርኣዩ ዘበሀግን ሰላማዊን እዩ። ንሰኻ'ውን ከምኡ ንጹህ ኢኻ። ንጽህናኻ ቀጻልነት ዝህልዎ ግና፡ መንገድኻ ቅኑዕ ምስ ዝኸውን፡ ምስቲ ቅኑዕ ድማ ምስ ትውግንን ጥራይ እዩ። ንቓለይ ኩሉ ግዜ ዘክሮን ኣስተብህለሉን። ኣብ ጉዕዞ ህይወትካ በቲ ሰናይ ነገር እምበር፡ በቲ ግናይን ክፉእን ነገር ኣይትቕናእ። ከምቲ ምውላድ፡ ምእራግ እውን ከም ዘሎ ዘኪርካ ካብ ጌጋኡ ዝመሃር እምበር ምስ ጌጋታቱ ዝመውት ዓይነት ሰብ ኣይትኹን!

"ንሱብ ሓንሱብ ሞት ብድሕሪኡ ከኣ ፍርዲ ተሰሪዑሉ እዩ። ሞት መሰረታውን ዘይተርፍ ዕጫን ሰብ ኮይኑ ዝቐጽል ዘሎ ኣካል ማስርሕ ምንባር እዩ። ስለዚ ደቂ ሰብ ፍርዶም ከጼብቑ እምበር፡ ንሞት ክስዕርዎ ኣይክእሉን እዮም። ብዙዕባ ሞት ምዝራብን ይግባይ ምግልን ዝተዓጽወ ኣርእስቲ ስለ ዝኾነ ዝበልካ እንተ በልካ ሰማዒ ዘይትረኽበሉ ዕጹው ፍርዲ'ዩ። ፍርዲ ግና ድሕሪ ሞት ዝስዕብ መስርሕ ከም ምዃኑ መጠን እንታይ ዓይነት ፍርዲ ይወሃበካ ወይ ይብጽሓካ ኣብ ናይ ሎሚ ኣካይዳኻን ስራሕካን ዝምርኮሰን ዝድረረትን ስለ ዝኾነ ሎሚ ኣብ ግዜ ፍርዲ ዝውሓሶካ ጽቡቕ ኣካይዳን ተግባርን ከተማዕብል እቲ እንኮ ዝህልወካ ምርጫ ንሱ ጥራይ እዩ።

"ርኢኻ ዝወደይ ኩሎም ሰባት ንጹሃትን ኢንታ ዘይብሎምን ጴልጣ ኮይኖም እየም ናብዛ ምድሪ መጺኦም። ዝ ንጽህናን ግርህናን እዚ ክሳብ እቲ ቁልዕነት ዕድሚኦም ዝዘዙሙ ጥራይ ደማ እየም ሐዞም ክጉዓዙ ዝርኣዩ። ካብ ቁልዕነት ናብ እኹላት ሰባት ክሰጋገሩ እንክለዉ ግና፡ እቲ ሓደሽ መድረኽ ካልኦት ሰባት ክኾኑ መገድታት ስለ ዝኸፍተሎም፡ እቲ ንጽህና ርስሑት ይኣትዎ፡ ብእኡ ኣቢሉ ድማ ሕማም ሕማቕ ባህርን ስነ ምግባርን ይተኣታተዎም።

ዝ ዝተረድአ ሓደ በዓል ልቦና ሰብኣይ 'ንሰባት ምእንቲ ከይብድልሰ፡ ንቓልካ ኣብ ልበይ ዓቒርክዎ' ብምባል፡ ኣብቲ እትብደሎሉ ግዜ መከላኸሊ ዝኾነካ ቃልን ምኽርን ሓጊዘን ማዕዳን ከም ዘድሊ የረድኣና። ብዘይካ'ዚ፡ ካልኦት ጽሑፋት እውን፡ ሓደ ሓደ ሰባት ኣብ ህይወቶም ዝፈንፍዎም ነገራት ብዓቕሊ ይሓልፍዎን ብትግሃት እውን ክሕዝዎ ይፍትኑን ከም ዝበሩ ዘረድኡ ኣለው። በዚ ድማ እዩ ኣብ ልቢ ዝውህለልን ዝሕሱብን ቃል ክህልወና ከም ዝግበኦ በቲ ዝዘበርዎ ኣካይዳ ክንመሃር እንኽእል።

ስለዚ ዝወደይ ህይወት ብዙሕ ውረድ ደይብ ዝመልአ ጉዕዞ ኢያ። እዚ ምኳና ኣሚንካ ኣብ ህይወትካ ማእለያ ዘይብሉ ሕማቓትን ጽቡቓትን ነገራት ከም ዘጋጥመካ ተረዳእ። ዝ ንምፍታሕ ድማ ከምቲ ብህጻንካ ኣዚኻ ንጹህን ህዱእን ዝበርካ ንኹነታት ዓለም'ውን ብህድኣት ክትዕዘቦን ክትምልሰሉን ፈትን። እዚ ግና፡ ካብቲ ሕማቕ ጽቡቕ እናተመሃርካን ነቲ ሰናይ እናሰዓብካን ክኸውን ከም ዘለዎ ኣይትረስዕ።"

**ቤተልሄም ሰመረ ካብ ኣስመራ**

## ካብ መዝገብ ክብረ-ወሰን ዓለም

ብ13 ሰነ 2012 ኣብ ካልኣይ ግጥም ጸወታ ኩዕሶ ራግቢ ንምክትታል ኣብ ሃገራዊ ስታድዩም ኣንዘ ከተማ ሰድኒ ኣውስትራልያ ዝተረኽቡ እኩባት ሰባት፡ ብሰብሶሞ ዝበሩ ሰብ ሰርሖ ጸጉራርኦሲ 'ኣብ ሓደ ግዜ ሓደ ዓይነት ሕብርን ዓቐንን ዝለበሱ ሰባት' ዝብል ክብሪ ብምሽናድ ኣብ ጊነስ ክሰፍሩ በቒዖም። እዞም ኣውስትራልያውያን ዜግታት ዘለዎም ጉጅለ፡ ብዝሖም 12,083 ኮይኖም፡ ኻፍሲ ወከፎም ሰመያዊ ዝሕብሩ ቀብዕ ማሰል ልባስ ተኸዲኖም ምንባሮም ይፍለጥ። እዚ ብተኸታታሊ ዝቶደድ ሃገራዊ ግጥም ኩዕሶ ራግቢ፡ ኣብ መንጎ መተሃላልኽቲ ጋንታታት ዝኻቶድ ኮይኑ፡ ብዙሓት ሰዓብቲ ከም ዘለውዎ ይንገር። ዋላ እኳ ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ ብዙሓት ብጉጅለ ዝተጠርነፉ ሰባት ሓደ ዓይነት ሕብርን ቅርጽን ዘለዎም ኣልባሳት ክለብሱ ዝረኣዩ እንተኾኑ፡ ዚ ኣሃዘ ዝዓረግ ከም ዘይኮነ ድማ ብዙሓት ወገናት ተዓዚበቶን ይሕብሩ።



## ምስላ ንደለይቲ ልቦና

* ብዕራይ ክራይ፡ እንተረኺብካ ገርዲ፡ እንተሰኣንካ መጻምዲ።
* ሎሚ ኮነ በሉ፡ ሓምሊ ሰዑ።
* ሕማቕ ምስ ዝጸልእ፡ ከመዓልካ ይኸልእ።
* ሕማቕ ሰብኣይ ቀጻሊ፡ ሕማቕ ሰዋ መጻሊ።
* ተመሃራይን ደርሆን ብህይወቶም ይሓስሩ፡ ኣብ ግዜ ሞቶም ይኹብሩ።
* ተማሂሩ ዘይመሃረ፡ ዘርኡ ዘይሓጸረ ቁሩብ ተደረ።
* ኣብ ሕጹኣ ዘዋረረት፡ ኣብ መርዓኣ ኣቃተለት።

## ኣብ ምንባር ክሳብ ዘለና

ሰባት ብሕሉፍ ህይወትካ ክወራዘዩልካ እንተ ጀሚሮም ኣይትገደሰሎም። ምኽንያቱ ንሰኻ ናይ ሎሚ እምበር ናይ ትማሊ ኣይኮንካን። እንተኾነ ካብ ዝሓለፍናዮ እንታይ ተማሂርካ ምዝኻር ልቦና እዩ። ናይ ሎሚ ሸግርካ ከሕዝነካን ከንብዓካን የብሉን። ምኽንያቱ ጽባሕ ናታ ጽቡቕ ሒዛ እያ ትመጽእ። ስለዚ በቲ ህሉውን ሓሊፉን ሸግር ፈጺምካ ኣይትጨነቕ። ከም ሰብ መጠን ናትይ ትብሎ ሕልሚ ክህልወካ ጽቡቕ እዩ። ኩሉ ግዜ ኣብ ሕልምኻን ድሌትካን ዝርከብ ንክውንነቶም ዋጋ ክፈለሎም። ምኽንያቱ



ሕልሚ ዘይብሉ ሰብ፡ ልክዕ ከም ብሶላ ዘይብላ መርከብ ኣብ ማእከል ውቅያኖስ ኣንፈት ኣልቦ እዩ ዝኸውን።

ወትሩ ዝጋጥመካ ዕድላት ብግቡእ ተጠቀመሉን ናይ ምጥቃም ባህሪ ይሃሉኻ። ኣብ ዓለምና ሓደ ብሉቡቱ መዳርግቲ ኣልቦ ዝበረ ሰብኣይ ሓደ ግዜ ሓንቲ ጋዜጠኛ ከምዚ ክትብል ሓተተቶ፡ "እዚ ሎሚ ዘለኻዮ ደረጃ ብኸመይ ከኣት ኢኻ በጺሕካዮ? እንታይ ፍሉይ ነገር ስለ ዘጋጠመካን ዝተጠቐምካን ኢኻኸ?" እቲ ሃብታም ድማ ቅድሚ ዝ ሕቶ ምምላሱ ኸምዚ ክብል ክልተ ምርጫ ከም ዘለዋ ሓበረ። "ናብዚ ደረጃ'ዚ ዘብጽሕኪ መንገዲ ክነግረኪ ወይስ ናብ ናይ ጥንኪ ሕሳብኪ ገንዘብ ክሰግረልኪ" በሎ። እታ ጋዜጠኛ ብዘረባ ናይ'ቲ ሃብታም ሰብኣይ እናተገረመት፡ ብኸመይ ኣገባብ ከም ዝሰብተመ ክትፈልጥ ከምትደሊ ሓበረቶ። ድሕሪ'ዚ እቲ ሃብታም ሰብኣይ "ኣነ ኣብ ህይወት ዘጋጥመኒ ኩሎም ዕድላት ኣብ ረቡሓይ ከውዕሎምን ክጥቀመሎምን ስለ ዝኸኣልኩ እየ ናብዚ ደረጃዚ በጺሐ ዘለኹ። ንዓኺ ገንዘብ ክሕልፈልኪ ኣለ ዕድል ሂበኪ ነይረ። ንስኺ ግና ዕድልኪ ክትጥቀምሉ ብዘይ ምኽኣልኪ ኣብቲ ዘለኽዮ ደረጃ ክትተርፊ ብዚግኪ" ክብል መለሰላ ይበሃል። ስለዚ ድማ ንሰኻ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኣጋጣሚታት ዝፍንፈካ ዕድላት ናይ ምጥቃም ተኽእሎ ይሃልወካ።

ናበይ ትኸይድ ኣለኻ ፍለጥ። እዚ ማለት ንጹር ዕላማ ክህልወካ ኣለዎ ንምባል እዩ። ሓደ ዓቢ ሰብኣይ ኣብ ሓንቲ ዓባይ ጽላል ኮፍ ኢሉም ከለው፡ ሓደ መንእሰይ "ኣቦ እዛ መንገዲ ናበይ ክትወስደኒ ትኽእል?" ኢሉ ሓተቶም። እቶም ሸማግለ ሰብኣይ ከኣ "ናበይ ኢኻ ክትከይድ ደሊኻ ዝወደይ?" በሉዎ። እቲ መንእሰይ "ናብ ዝኸዶ ኣይፈልጥን እየ" ኢሉ ምስ መለሰሎም፡ እቶም ሸማግለ ኣስዕብ ኣቢሎም፡ "ዝወደይ ትኸዶ ዘይትፈልጥ እንተ ኮንካ ደኣ እዛ መንገዲ ናብ ዝኾነ ክትወስደካ ትኽእል እያ እሎም" መለሱሉ ይበሃል። ኩሉ ግዜ ዕላማ ዘይብሉ ሰብ ንቕድሚኡ ጥራይ እምበር ኣንፈት መዓልቦኡ ዘይንጹር እዩ ዝኸውን። ኣብ መወዳእታ ከኣ ኣይ ንዓዲ ንዓውዲ ብምኻን ካብ ኩሉ ሓዲግ ክተርፍ ይኽእል።

### ንልቦና

"ኣብ ህይወት ዝኸሰረ ሰብ ጣልቃ ኣይትእቶ። ከምኡ'ውን ኣብ ህይወት ገዛእ ርእስኻ ዝኾነ ጣልቃ ኣይተእቶ።" - **ዘይተፈልጠ**

"ጠመተ ኣዒንትኻ ናብ ከዋኽብቲ ይኹን። ሰጉሚ ኣእጋርካ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን።" - **ቲዮዶረ ሩዝቨልት**

"ሓደ ሓደ ግዜ ሱቕ ክትብል ዝምረጸሉ ከኣት ኣሎ። ምኽንያቱ ኣእምሮኻን ልቢኻን ዝሰላሰሎም ሓሳባትን መደባትን ዝገልጽ ቃላት ክትሰእነሎም ስለ ትኽእል።"- **ዘይተፈልጠ**

"ኩሉ ነገር ቅድሚ'ዚ ሎሚ ቀሊል መሰሉ ክረኣየና ጀሚሩ ዘሎ፡ ኣዝዩ ከቢድ ነገር ምንባሩ ኣይዝንጋዕ።"- **ጆን ዎልፍጋን**

"ክትጉዕዝ እትደሊ ንጥፈታት ኣብ ካልእ ቦታ ዘይከኣሉ፡ ኣብቲ ዘለኻዮ ቦታ ምዃኑ ኣስተውዕል።" - **ዳም ሚልማን**

"ግዜኻ ሓጺር እዩ። ኣብ ህይወት ካልኦት ሰባት ክትነብር ከኣ ግዜኻ ኣይተባኽኖ።" - **ዘይተፈልጠ**

"ብኣታሓሳስባን እምነትን ካልኦት ሰባት ተመለእካ ኣብ መጻወድያ ከይትኣቱ ወትሩ ጥንቁቕ ኩን። ረብሓ ድምጺ ካልኦት ሰባት ንውሽጣዊ ሕሹኽታኻን ድምጽኻን ክድውኖ'ውን ኣይተፍቅድ። እቲ ኣገዳሲ ነገር ንልብኻን ባህርያዊ ግንዛበኻን ብትኽሪት ኣስተውዒልካ ምስዓብ ጥራይ እዩ።" - **ዘይተፈልጠ**

## ከምዚ'ውን ኣሎ

### ሰድራ ምልእቲ ኣብ ሆስፒታል

ኣብቲ ዓለም ከቢድ ቁጠባዊን ሰብኣዊን ክሳራታትን ክትከፍል ትግደደሉ ዝበረት 2020 ብዙሓት ንምእማኖም ዘርሙ ፍጻመታት ተኸሲቶም እዮም። ብሸነኺ'ቲ ተላባዒ ባህሪ ዝበሮ ቫይረስ ኮሮና፡ ህዝቢ ካብ ናብ ዝዝብሮ ዝበረ ምንቅስቓሳት ምሉእ ብምሉእ ብምእጋዱ ኣብ ዘቤታዊ ንጥፈታቱ ጥራይ ክተኮር እዩ ተገዲዱ። ህንዲ ኣብቲ ግዜ'ቲ ካብቶን ብዙሕ ሰብኣዊ ክሳራታት ዘጋጠማ ሃገር ምንባራ እውን እዩ ዝንገር። እንተኾነ ኳ ኺዚ ህልቂት፡ ኣብ ዘቤታዊ ምንቅስቓሳት ዜጋታት ህንዲ ብዙሕ ነገራት ከም ዝተኸሰተ ዘመልክት ሓበሬታ ተረኺቡ ነይሩ።

ዋላ እኳ ኣዝዩ ዝገርም ደኣ ኣይኹን እምበር፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ወሓሉዩት ክፋል ሕብረት-ሰብ ህንዲ ብጥሜት ክጥቃዕ ጀሚሩ ከም ዝበረ እዩ ዝንገር። ካብዚ ዝተበገሰ ከይዳካ ኣይተርፍን ድማ ሓንቲ ሰድራቤት ብምሉኣ ኣብ ሆስፒታል ክትዕቆብ ተገዲዳ ምንባራ ዝገልጽ ጽሑፍ ክርከብ ተኻኢሉ ዘሎ። እታ ሰድራ ኣብ ሕክምና ክትድቀስ ዝተገደደት፡ ብሰበይ ኮሮና ቫይረስ ዘይኮነስ ብሰንኪ ጥሜት ዘጋጠመ ክስተት እዩ። እዩም ኣብ ኣክታር ራዳሽ ዝተባህለት ክፍለ ሃገር ዝቕመጡ ዝበሩ ኣባላት ናይታ ሰድራቤት፡ ምንጩን እንታይነቱን ዘይፈለጥዎ ቆጸሊ ከም መግቢ ክምግብዎ ኣብ ዝፈተኑሉ ግዜ እዮም ብኸቢድ ሓሚሞም ናብ ሆስፒታል ከምርሑ ተገዲዶም። ኣባላት ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ድሕሪ ዝገበሩለም መርመራ ድማ፡ እዮም ኣባላት ሰድራ፡ ካብ ትጸበት ወጻኢ ብሓሸሸ ተመሪዞም ጸኒሖም። ድሕሪ ብዘተገበረሎም ሕክምናዊ ክንክን ኩነታት ጥዕናኦም ብምምሕያሹ ግና ናብ ቤቶም ተፋንዮም። ሰድራቤታት፡ ብሸነኪ 'ኮቪድ 19' ቀንጠባዊ ጸገም ኣጋጢሙዎም ምንባሩ ዘመልክቱ ጸብጻባት፡ ነቲ ዝርከቡ መግቢ፡ እንታይነቱ ኣረጋጊጾም ክጥቀሙሉ ሓበሬታ ይወሃቦም ምንባሩ ይጥቀስ። እዚ ዛንታ'ዚ ዋላ እኳ ኣብ ግዜኡ ክቃላሕ እንተ ፈተኑ ብሸነኪ እቲ ትንፋስ ዘይህብ ኮሮና ቫይረስ ተዓቢጡ ከም ዝጸንሐ እዩ እቲ ምንጪ ወሲኹ ዝሕብር።



# ካብዝን ካብትን


ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ብብዝሒ ኮፍ ምባል - ዘይነስተብህለሉ ጸላኢ!

ስራሕ ንወዲ-ሰብ መን ምኻኑ ካብ ዝገልጽዎ ረቛሒታት ሓደ እዩ፣ ወዲ-ሰብ ብዘይ ስራሕ ክነብር ኣይክእልን እዩ፣ ዓይነታት ስራሕ ከኣ ብዙሓት እዮም። ገሊኦም ደው ኢልካ ዝዕመሙ፣ ገሊኦም ምንቅስቓስ ዘለዎም፣ ገሊኦም ድማ ኮፍ ኢልካ ዝኻየዱ። ዝተፈላለዩ ጠለባትና ንምምላእ ነዊሕ ሰዓታት ኮፍ ኢልና ንሰርሕ ኢና። እዚ ዓይነት ስራሕ ግን ቀሲዩ ኣሉ ጥዕናና ዘጉድል መገዲ የጣጥሕ ከይህሉ ሓሲብናሉ ንፈልጥዶ? ሎሚ ዝተፈላለዩ መርበብ ሓበሬታታት ተመርኩሰና፣ ብዛዕባ ነዊሕ ሰዓታት ኮፍ ኢልካ ምስራሕ ዝምልከት ሓበሬታ ከቕርበልኩም ኢና።

ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ሰባት ዘሳተፈ፣ ኣብ ሳዕቤናት ንዊሕ ሰዓታት ኮፍ ምባል ዝተመርከሰ - 13 መጽናዕታዊ ምርምራት ተኻይዱ ነይሩ። ዶ/ር ኤድዋርድ ላኸወሰከ፣ ኣብ'ቲ ዝተኻየደ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ተመርኩሱ እንደገና መጽናዕቲ ዘካየደ እዩ፣ ንሱ ኣብ ዝረኸቦ ሓበሬታ፣ እቶም ንልዕሊ ሽዱሽተ ሰዓታት ብዘይ ዝኾነ ኣካላዊ ምንቅስቓሳት ኮፍ ዝበሉ ሰባት፣ ልክዕ ከም ብኸረሻን ብምትካኽ ሽጋራን ዝሞቱ ሰባት - ናይ መውጋት ዕድል ከምዘጋጥሞም ሓቢሩ።

ማሕበር መንሾሮ ኣመሪካ እውን ኣብዚ ኣርእስቲ ተመርኩሱ ኣብ 125 ሽሕ መንእሰያት ምርምር ኣካይዱ ነይሩ። ኣብ'ቲ ምርምር ካብ ዝተሳተፉ ሰባት፣ ካብቶም ብዘይ ዝኾነ ምንቅስቓሳት ንልዕሊ ሽዱሽተ ሰዓታት ኮፍ ዝበሉ፣ እቶም 24% ኣብ ዝሰዓበ 21 ዓመታት ናይ መውጋት ዕድል ከምዘለዎም፣ ዶ/ር ኤድዋርድ ኣብ ጽብጻቡ ኣስፊሩ ይርከብ። ከም ሳዕቤን ናይ ብዙሕ ሰዓታት ኮፍ ምባል ድማ፣ ሕማማት መንሾሮ፣ ኩሊት፣ ጸላም ከብዲ፣ ምቑሳል ታሕታዋይ ክፋል ከስዐ፣ ፓርኪንሰን (ንጭዋዳታት ዘልምሰን ንመሓውር ዘንፈጥፍጥን ብርቱዕ ሕማም)፣ ረሰዕ ከረሻ፣ ጸገም ጎሎን ሕቆን፣ ሕማማት ልቢ፣ ሽኮርያ፣ ቃንዛ ክሳድን መንኩብን፣ ምርጋእ ደምን ጭንቀትን ክስዕቡ ከምዝኽእሉ እዩ ኣብ'ቲ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ሰፊሩ ዘሎ።



እዚ ናይ ጥዕና ማሕበር፣ ኣብ ዝምድና መንሾሮን ንዊሕ ሰዓታት ኮፍ ምባልን ኣመልኪቱውን መጽናዕቲ ኣካይዱ ነይሩ። መንሾሮ ጡብ፣ መንሾሮ ማህጸን፣ መንሾሮ ገፊሑ·መዓንጣ መንሾሮ ሳንቡእን ከኣ ገለ ካብቶም ብሰንኪ ንዊሕ ሰዓታት ኮፍ ምባል ክስዕቡ ዝኽእሉ ሕማማት ከምዝኾኑ ጠቒሱ ይርከብ። ብተወሳኺ፣ እቶም ብዘይ ዝኾነ ምንቅስቓሳት ንዊሕ ሰዓታት ኮፍ ዝበሉ ሰባት፣ 147% ብሕማም ልብን ወቕዒ-ልብን ከምዝጥቀዑ ሓቢሩ።

ኣብ ካልእ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ከምዝተገልጸ ድማ፣ ኣብ ሰሙን ን23 ሰዓታት ኮፍ ኢሎም ተለቪዥን ዝዕዘቡ ሰባት፣ ካብቶም ኣብ ሰሙን 11 ሰዓታት ተለቪዥን ዝዕዘቡ፣ ብ64% ሕማማት ልቢ ከምዝሕዞም ኣመልኪቱ። ሚስተር ግሬግ ኣክዚፋን ዝተባህለ ተሓጋጋዚ ኣሰናዳኢ መጽሔት ዌልነስ፣ ብሰንኪ ነዊሕ ሰዓታት ኮፍ ምባል ካብ ዝመጽኡ ሳዕቤናት፣ ዓመታዊ 3 ሚልዮን ሰባት ከምዝሞቱ ገሊጹ። ንዊሕ ሰዓታት ኮፍ ምባል፣ ካብ ክመሓለለፉ ዘይክእሉ ቀተልቲ ሕማማት፣ ኣብ ራብዓይ ደረጃ ተሰሪዑ ይርከብ።

ብተወሳኺ፣ ሚስተር ግሬግ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፣ ኣብ ደምና ዝርከብ ሽኮራዊ ትሕዝቶ ብምንቅስቓስ ከጥፍኦ እንተዘይክኢልናዮ፣ ሕማም ሽኮር ከጥቅዓና ከምዝኽእል ኣፍሊጡ ኣሎ። ሚስተር ግሬግ ኣስዒቡ፣ እቶም ብብዝሒ ንዊሕ ሰዓታት ኮፍ ዝበሉ ሰባት 112% ብሽኮርያ ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎታት ከምዘለዎም ኣጺሩ። ክኢላታት ጥዕና'ውን ብዛዕባዚ ኣርእስቲ ኣመልኪቶም ዝሃቡዎ መግለጺ ኣሎ። ክረሻ ሓደ ካብቶም ብብዝሒ ኮፍ ምባል ክስዕብ ዝኽእል ጸገም ኮይኑ ካልኦት ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማትን ሞትን ከስዕብ ከምዝኽእል ሓብሮም። ክረሻ ካብ'ቲ እኹል'ኮ ንላዕሊ ሽኮርን ስብሒን ኣብ ኣካላትና ምስ ዝኸዝን ክስዕብ ዝኽእል እዩ። ንድሕሪት ተመሊስና ኣብ ታሪኽ ምስ ንዕዘብ፣ ክረሻ ከም መግለጺ ሃብትን ፍርያምነትን ይርአ ነይሩ። ኣብ ገለ ሃገራት'ውን እዚ ኣገላልጻ እምነት ክሳብ ሕጂ ኣሎ። ብብዝሒ ኮፍ ምባል፣ ናይ ጎሎ ጭዋዳታት ከምዝሓጽሩ ብምግባር ኣብ መላግቦታት ጎሎ ጸገማት ከስዕብ ይኽእል።

ብዘይካዚ፣ ንዊሕ እዋን ብሕማቕ ኣቃውማ ወይ ዘይጥጡሕ ኮፍ ማበሊ ምስ ንጥቀም፣ ጸገማት ሕቖን ዓንዲ-ሕቖን ከምዘስዕበልና ዝተፈላለዩ መጽናዕታዊ ጽሑፋት የመልክቱ። ንዊሕ እዋን ኮፍ ምባል፣ ኣብ ኣካላትና ዝዘዋወር ደም ብምቁርራጽ፣ መርጋእቲ ደም'ውን ዘስዕበልና'ዩ። መብዛሕትኡ ግዜ፣ እዚ ጸገም'ዚ፣ ኣብ ነዊሕ ጉዕዞ ብተሽከርክርቲ ኮነ ብነፈርቲ ኣብ እንገዓዘሉ እዋን ዘጋጥም እዩ። ኣብ ኣእጋርና ዘጋጥም ምርጋእ ደም 'DVT' ተባሂሉ ይፍለጥ። ኣእጋርና ንዊሕ እዋን ምስ ንጸፍፍ እቲ ብዋዕዒ ስርሑ ዝዓምም ዝበረ ማሳርሕ ምዝውዋር ደም ይቋረጽ'ሞ፣ መዕለስቲ ኣብ ሳንቡእ ዝዘዋወር ደም (Pulmonary Embolism) ከስዕበልና ይኽእል። እዚ ምዕጋት ደም ኣብ ሳንቡእ ቀልጢፉ ህጹጽ ረዲኤት እንተዘይረኺቡ ክሳብ ሞት የብጽሕ። ዝበዝሐ እዋን ንዊሕ ሰዓታት ኮፍ ምባል ከም ቀሊል ጉዳይና ኢና እንርእዮ። እንተኾነ ኣብ ጥዕና ወዲ-ሰብ ከቢድ ሃሳይነት ኣለዎ። ስለዚ ክኢላታት ጥዕና ካብ ሳዕቤናት እዚ ጸገም ንምድሓን ዝዓም ዝስዕቡ ነጥብታት ከዘውትርዎ መኸሪ ኣለዉ:–

- ንስራሕ ኮነ ናብ ካልእ ቦታታት፣ ካብ ብኣውቶቢስ ወይ ማኪና፣ ብእግርኻ ወይ ብሽክሌታ ምኻድ።

- መዓልታዊ ካብ 60 ክሳብ 75 ደቓይቕ ማእከላይ ዝኾነ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዝውታር።

- ኣብ ትሰርሓሉ ቦታ ብብዝሒ ክትንቀሳቐስ ምፍታን።

- ኣካላዊ ምንቅስቓሳት ማለት ከም ምሕንባስ ጉያ፣ ንዊሕ ጉዕዞ ስለይ እናበልካ ምጉዓዝን ሳዕስዒትን ምዝውታር።

- ክንደይ ሰዓታት ተለቪዥን ከም ትርኢ ወጥን ምውጻእ።

- ካብ ኮፍ ኢልካሉ ዘለኻ መንበር ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 30 ደቓይቕ ተንሲእካ ኣካላትካ ምንቅስቓስ።

- ኮፍ ኢልካ ከለኻ ኣእዳውካን ኣእጋርካን ምንቅስቓስ።

- ግቡእ ኮፍ ኣበሃህላ ምዝውታር (ኣብ'ቲ ኮፍ ኢልካሉ ዘለኻ መጸግዒ ሕቖኻ ትኽ ኢልካ ምጽጋዕ)።

- ኮፍ ኢልካ እናሰራሕካ ንሓምሽተ ደቓይቕ ክሳዕ ንቕድሚት፣ ንድሕሪት፣ ንጸጋምን ንየማንን ምንቅስቓስ።

- ዘድልየካ ንብረት ካብ ጥቓኻ ኣርሒቕካ ብምቕማጥ፣ ተንሲእካ ክትንቀሳቐስ ስለዝሕግዝ ተጠቐመሉ።

- ብብዝሒ ማይ ምስታይ፣ ናብ ዓይኒ ምድሪ እናመላለሰ ክትንቀሳቐሰካ ይኽእል እዩ።

ተሓጋጋዚ ኣሰናዳኢ መጽሔት ዌልነስ ሚስተር ግሬግ፣ "ምንቅስቓስ ዋጋ ዘይክፈሎ መድሓኒት ሂወት'ዩ" ክብል'ዩ ንጥቕሚ ምንቅስቓስ ዝገልጾ። ኣብ መዓልቲ ንሰለስተ ሰዓታት ጠጠው ብምባል፣ 30 ሽሕ ካሎሪ (ጸዓት ኣካላት) ከጥፍእ ከምዝሕግዞ ብምግላጽ ከኣ፣ እዚ ልክዕ ከም 10 ማራቶን ገዲፍካ እተጥፍኦ ጸዓት ዝውዳደር ምኻኑ ኣብሪሁ። ብብዝሒ ኮፍ ምባል፣ ብፍላይ ንዓበይቲ ሰባት ቀልጢፉ ከእርጎም ስለዝኽእል፣ ኣገዳሲ ሃሰዩ እዩ። ብዝተኻእለ መጠን ፈኲስ ምንቅስቓሳት ማለት ሰለይ እናበልካ ጉዕዞ ምዝውታር፣ ንሓንሳእ ስለዘሐድስ፣ ክትጥቀሙሉ ክኢላታት ጥዕና ይመኽሩ።

> **ለማኢብ ERI-TV**
>
> | | |
> |---|---|
> | 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
> | 09:05 | ድራማ |
> | 09:25 | ፊያሪና |
> | 10:00 | ፓኖራማ |
> | 11:00 | ማእገር |
> | 12:30 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ ቀጥታ |
> | 12:55 | ቀስተ ደሕኑት |
> | 13:30 | ሞዚይክ |
> | 13:50 | እንዳዘዮማም |
> | 14:30 | ፍረ ጻዕሪ |
> | 17:00 | ማስተንክር |
> | 17:30 | ዋልታ |
> | 18:30 | ህርመት |
> | 20:00 | ዜናትግረ |
> | 20:13 | እትመት |
> | 21:00 | ዜና ትግርኛ |
> | 21:25 | ቡያ |
> | 22:00 | ዜና ዓረብ |
> | 22:15 | ኢድኣት |
> | 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
> | 24:40 | ሃገራዊ መዝሙር |
>
> **ሰኑይ**
>
> | | |
> |---|---|
> | 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
> | 12:05 | ድራማ |
> | 12:30 | ዜና ትግርኛ |
> | 12:55 | ዜና ስፖርት |
> | 13:30 | ዕላል ጣበቡት |
> | 13:30 | ዜና ዓረብ |
> | 13:45 | ሄለው ደባይዋ |
> | 15:30 | ዶክመንታሪ |
> | 16:30 | መደብ ቆላሕታ |
> | 17:00 | ዜና ትግርኛ |
> | 17:20 | ደርፊ |
> | 17:30 | ዜና ዓረብ |
> | 17:45 | ደረት ቃና |
> | 19:10 | ሳይዳ |
> | 20:00 | ዜናትግረ |
> | 20:13 | ሰሙናዊ ስፖርት |
> | 21:00 | ዜና ትግርኛ |
> | 21:25 | ዳህሳስ ሕትመት |
> | 22:00 | ዜና ዓረብ |
> | 22:15 | ኢድኣት |
> | 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
> | 24:40 | ሃገራዊ መዝሙር |

## ኣብ ኢኮሲስተም ብዘለዎም ኣበርክቶ ኣብ ቅድሚት ዝሰርዑ እንስሳታት

እንስሳታት ኣብ ስርዓተ ኢኮሲስተምን ሂወት ሰባትን ኣገዳሲ ተራ እዩ ዘለዎም። ዋላ'ኳ ኣብ ዓለም ማእለያ ዘይብሎም ዝተዳህሰሱን ዘይተዳህሰሱን እንስሳታት እንተለዉ፣ ገለ ካብኣቶም ኣብ ስርዓተ ኢኮሲስተም፣ ሂወታዊ ብዙሕነትን ኣከቢብን ብዘለዎም ልዑል ኣበርክቶ ኣፍልጦ ዘይረኸቡ ብርክት ዝበሉ ዓይነት እንስሳታት ኣለዉ። እዚ በብእዋኑ እናዛየደ ዝኸይድ ዘሎ ምጽናት ብዙሕነት ዓይነት እንስሳታት፣ ኣከባብያዊ ዕንወት፣ ምጉዳል ሂወታዊ ብዙሕነትን ብሓፈሻኡ ነዛ ንነብረላ ፕላኔት ብኣሉታ እናጸለዋ ይመጽእ ኣሎ። ንሎሚ ኣብ ስርዓተ ኢኮሲስተም፣ ሂወታዊ ብዙሕነትን ኣከቢብን ርጉእነትን ምውህሃድን ንክህሉ ዝሕግዙ እንስሳታት ክንዕዘብ ኢና፦

ንህቢ፦ ኣብ ምጽጋይ ዕምባባታት ብዘለዎ ኣበርክቶ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ስርዓተ ኢኮሲስተም ልዑል ኣበርክቶ ዝነብሩ ሓሸራታት እዩ። እዚ ካብ ዕምባባ ናብ ዕምባባ ጸገ ዘዋስብ መዓር ዘፍሪ ሓሸራ፣ ኣብ ምስሳን ብዙሕነት ኣትክልቲ ልዑል ግደ ብምጽዋት፣ ብዘዘዋወሪ መገዲ፣ መግቢ ሰባት ኣብ ምድላው ዘይሃጻጽ ኣበርክቶ ይጻወት። ይኹን'ምበር ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ወዲ-ሰብ፣ ሓፈሻዊ ቁጽሪ ንህቢ ብናህሪ ክወሓድ እዩ ዝርአ ዘሎ። እዚ ከኣ ንስርዓተ ኢኮሲስተምን ሕርሻን ብኣሉታ ይጸሉ ምህላዉ ይሕብር።

መንካዕ፦ ሓንቲ ካብ'ቶም ብኣሉታ እትጥመት መጥባዊት እንስሳ እያ። ይኹን'ምበር ኣብ ስርዓተ ኢኮሲስተም ምዕሩይነት ንክህሉ እወታዊ ተራ ከምእትጻወትክ ትፈልጡዶ? መንካዕ ንሓሰኹን ኣእካል ዘበላሸዉ ባልዓትን ስለምትበልዖም ስለዝኾነት፣ ኣድላዪነት ከሚኒዊ ጸረ-ባልዕ ንክጎድል ዘይሃጻጽ ኣበርክቶ ትጉብር።

ብተወሳኺ፣ ብ'በላዕ ፍረ መንካዕ' ዝፍለጥ ዓይነት መንካዕ እውን ኣብ ምጽጋይ ዕምባባታትን ምዝርጋሕ ዘርኢ ተኽልን ኣበርክቶ ስለዘለዋ፣ ኣብ ብዙሕነት ኣትክልትን ኣብ ዳግመ ምጥጣዕ ጫካታትን ኣገዳሲ ሓጋዚ ከምዝኾነ ይግለጽ።

ሓርማዝ፦ ከም መሃንድስ ኢኮሲስተም ዝፍለጥ እንስሳ እዩ። ሓርማዝ ኣብ'ቲ ዝሰፍሮ ማሕደር ዕዙዝ ጽልዋ እዩ ዘለዎ። እዚ ግዙፍ እንስሳ እዚ ኑቲ ዝሓዝኦ ስፍራ ንምትዕርራይ፣ ኣታኽልቲ ክብርቁቕ፣ ጉድጓድ ማይ ክኸዕት፣ ናብ ስፍራኡ ዝመላለሰሉ መገዲ ክጥጥሕን እዩ ዝርአ። እዞም ንጥፈታት እዚኦቶም ከኣ ኣብ ዝርግሐን ኣቃውማን ኣትክልቲ ኣበርክቶ ብምግባር ሓደሽቲ ኣትክልቲ ንክጥጥዑ ባይታ ይፈጥሩ። ብተወሳኺ፣ ሓርማዝ ኣትክልቲ ምስ ተመገበ፣ ኣብ ዘዘኸዶ እዩ ቀልቀል ዘውጽእ። እቶም ዝተበልዑ ግን ከኣ ብምሉእ ከይተሓቕቑ ዝወጹ ኣዝርእቲ ከኣ ኣብ ፈቐዶኡ እናተዘርግሑ ስለዝኸዱ፣ ኣብ ምስፍሕፋሕ ኣዝርእቲ ዓቢ ተራ ይጻወቱ።

ኣዕዋፍ፦ ኣብ ምዝርጋሕ ኣዝርእቲ ልዑል ኣበርክቶ እየን ዘጉብራ። ዝበዝሓ ዓሌት ኣዕዋፍ ፍሩታታት ዝበልዓ ብምኻነን፣ ኣብ'ቲ ናይ በረራ ጉዕዞአን ዝርኢ ዝበልዕኦ ፍሩታታት ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት እናንጠባ ስለዝኸዳ ሂወታዊ ብዙሕነት ንክህሉ ኣዝየን ሓጋዛት እየን። ብተወሳኺ ኣዕዋፍ ኣብ ንመግቢ ዘገልግሉ ኣዝርእቲ ናይ ምጽጋይ ማሳርሕ ከካይዳን ኣብ ምቁጽጻር ሓሳኹ ተራኣን ክጻወታን ይርኣያ።

ሻርክ፦ ብዘውንኖ ተኻኢሊ ባህሪ ከም ሓደገኛ ግዙፍ እንስሳ ባሕሪ እዩ ዝፍለጥ። ስሩፍልጡተኛታታት ከኣ ሻርክ ኣብ ምሕላው ጥዕና ውቅያኖስ ልዑል ኣበርክቶ ከምዘለዎ ይሕብሩና። እዚ ዓሳ ብዘለዎ ልዑል ናይ ምህዳን ክእለት፣ ኣብ ኢኮሲስተም ማያዊ ኣካል ሚዛናውነት ንክህሉ ይሕግዝ። ብተወሳኺ ሻርክ ኣብኦም ድኹማትን ዝሓመሙን ዓሳታት ዝያዳ ኢቓልቦ ስለዝሁብ፣ ሕማማት ናይ ምትሕልላፍ ማሳርሕ ብኢጋኡ ክየምኽ እንክሎ፣ ነቶም ዝሓመሙን ዝተዳኸሙን ዓሳታት ብምምጋብ ከኣ ጥዕና ዘለዎም ብዙሓ ዓሳታት ክህልዉ ሓጊዙ ይኸውን። ብሓጺሩ ሻርክ ኣብ ሰንሰለት መግቢ ማያት ዓለምና ርጉእነትን ሂወታዊ ብዙሕነትን ክህሉ ኣገዳሲ ተራ እዩ ዝጻወት።






# ኣዋጅ መርሓ ምክልኻል፡ ምሕደራን ፍወሳን ኣከባቢ ኤርትራ

ዓንደም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባቢን፡ “ምሕደራ መሬት፡ ማይን ኣከባቢን ምግታእ ብከላን ብርሰትን ኩሉ ዓይነት ባህርያዊ ጸጋታትን” ብዝብል ቴማ ብ18ን 19ን ታሕሳስ 2023 ኣብ ከተማ መንደፈራ ዓውደ-ዘተ ምቕንዑ ይፍለጥ።



ንኣማን ሕመረትን'ቲ ዓውደ-ዘተ ዘጽርዩ ብዝዝምልከቶም ኣካላት'ቲ ሚኒስትሪ ዝቐረበ ጽሑፋት ከእንገድ ምጃንሉ ዝዘከር ኮይኑ፡ ካብ መቐጸልታኡ ንሎሚ “ኣዋጅ መርሓ ምክልኻል፡ ምሕደራን ፍወሳን ኣከባቢ ኤርትራ” ብዝብል ኣርእስቲ ብወይዘሮ ኣስቴር ረዳኢዝጊ ዝቐረበ ጽሑፍ እንሆ፦

ኣዋጅ መርሓ ምክልኻል፡ ምሕደራን ፍወሳን ኣከባቢ ኤርትራ (ቍጽሪ 179/2017)፡ 7 ምዕራፋትን 42 ዓንቀጻትን ዝሓቖፈ እዩ። ብዝሃ'ዚ ዕላማን ኣማእዘንቲን መትከላት ምሕደራን ምክልኻልን ኣከባቢ፣ ምምሕዳራዊ ኣወዳድባ፣ መሰረታውያን መጋበርያታት ምሕደራ ኣከባቢን ምቍጽጻር ብከላን ምሕደራ ጕሓፍን ካብ ቀንዲ ትሕዝቶ እዚ ኣዋጅ'ዚ እዮም።

ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባቢን ነዚ መርሓ ምክልኻል፡ ምሕደራን ፍወሳን ኣከባቢ ኤርትራ፡ ዘርእስቱ ኣዋጅ ክእወጅ ዝደረኸ ረቛሒታት፦ ቀዳማይ፡ ህይወት ብሓፈሻ ኣብ ኣከባቢ (ጸጋታት) ስለዝምርኮሱ፣ ካልኣይ፡ ግቡእ ምሕደራን ምክልኻልን ኣከባቢን ርትዓዊ መዓል ባህርያዊ ጸጋታትን ኣገዳሲ ኣካል መሰረት ወሓለ ልምዓት ስለዝኾኑ፣ ሳልሳይ፡ ንጥፈታት ደቂ-ሰብ ንኸለንተናዊ ኣከባቢ ስለዝጸልዉ፣ ራብዓይ ድማ፡ ኣከባብያዊ ንቕሓት ህዝቢ ንኣድማዒ ምክልኻልን ወሓለ ምሕደራን ፍወሳን ኣከባቢ ወሳኒ ስለዝኾነ እዩ።

ዕላማታት፦ ኣዋጅ መርሓ ምክልኻል፡ ምሕደራን ፍወሳን ኣከባቢ ኤርትራ፡

ሀ) ምንጻፍ መሰረት ግቡእ ምሕደራን ሕጊ ምክልኻልን ኣከባቢ፡ ከምኡ'ውን ንትግባረኦምን ዘገልግሉ ኣድማዕቲ ትካላትን ሕጋዊ መጋበርያን ምውዳድ።

ለ) ኣከባቢ-ጠቀስ ፖሊሲታት ክምዕበሉን ክትግበሩን ምትብባዕ።

ሐ) ተሳትፎ ህዝቢ ወይ ኮሞት ምትብባዕን ምርግጋጽን።

መ) ኣከባቢ ንምክልኻል ዝዋስኡ ግሉባዊ ጻዕሪ ኣድማዒ ምእንቲ ክኸውን ባይታ ምጥጣሕ።

ኣማእዘንቲ መትከላት ምሕደራ ኣከባቢ፦ ምሕደራ ኣከባቢ ኤርትራ በዞም ዝስዕቡ መትከላት ይምራሕ፦

1. ወሀድ ምሕደራ ኣከባቢ፦ ኩሎም ባእታታት ኣከባቢ ንሓድሕዶም ዝተዛመዱን ተጸላለውትን ስለዝኾኑ፡ ወሀድ ወጥን ምሕደራ ምኽታል ግድን ይኸውን።

2. ምውሀዳድ ምክልኻል ኣከባብን መደባት ወሓለ ልምዓትን፦ ድሕነትን ምክልኻልን ኣከባቢ ዘይንጸል ኣካል (ሸነኽ) መሰረት ወሓለ ልምዓት ስለ ዝኾኑ።

3. ድሕነትን ራህዋን ደቂ ሰብ፦ ድሕነትን ራህዋን ናይ ደቂ ሰብ ማእከል ኣደነ ወሓለ ናይ ልምዓትን ምክልኻል ኣከባብን ይኸውን።

4. ወሓለ መዓል ባህርያዊ ጸጋታት፦ ዝርወትን ብኾነትን ጸጋታት ዘወግድ ወሓለን ውሕልልን ኣገባብን ኣጠቓቕማ ባህርያዊ ጸጋታት ክዘውትር ይግበር።

5. ኣከባብያዊ መሰላትን ግቡኣትን ሰባት፦ ዝኾነ ሰብ ኣብ ኤርትራ ኣብ ንጹህ ጥዑይን ንምርኣዩ ጸቡቕን ኣከባቢ ክነብር መሰል ኣለዎ፣ ብመገጽሩ ድማ፡ ንኣከባቢ ካብ ብከላን ብርሰትን ክከላኸል ይግባእ።

6. ኣከባቢ ዝበከለ ይኽፍል፦ ኣብ ኣከባቢ ጉድኣት ዘውረደ ዝኾነ ይኹን ሰብ፡ ንዘውረደ ጉድኣትን ምፍዋሱ፡ ዘሕተት ወጻኢታት ይኸፍል።

8. ኣከባብያዊ ጉድኣት ንኸይወርድ ኣቐዲምካ ዝውሰዱ ስጉምቲታት፦ ኣብ ክንዲ ፍወሳን ካሕሳን ጉድኣትን ብርሰትን ኣከባቢ ከይወርድ ምዕጋትን ምክልኻልን ቀዳምነት ይወሃቦ።

9. ህዝባዊ ተሳትፎ፡ ንቑሕ ተሳትፎ ህዝቢ ንግቡእ ምሕደራን ምክልኻልን ፍወሳን ዕቑባን ኣከባቢ መሰረታዊ እዩ።

10. ኣህጉራዊ ኣከባብያዊ ሓላፍነት፡ - መንግስቲ፡ ንዝገራዊ ረብሓ ብዘይጻረር መገዲ፡ ኣከባቢ ንምክልኻልን ምዕቃብን ኣብ ዝኸቕሉ ግሉባውን ዞባውን ተበግሶታት እጃሙ የበርክት።

ምምሕዳራዊ ኣወዳድባ፦

ስልጣንን ዕማማትን፡ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባቢን - ክፍሊ ኣከባቢ፡ ጨንፈር ኣከባቢ ኣብ ዞባታትን ኣሃዱ ኣከባቢ ኣብ ሚኒስትሪታትን ብሓባር ኣሰራሩ ኣለዎ።

* ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን፡ በዚ ኣዋጅ'ዚ፡ ንኩልንትናዊ ምሕደራ ናይ'ዚ ኣዋጅ'ኑ ንምትግባርን ወሀድ ወጥን ምሕደራ ኣከባቢ ሓላፍነት ተዋሂቡ ኣሎ።

ቀንዲ ዕማማት ክፍሊ ኣከባቢ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባቢን፦

• ኣከባቢ ጠቀስ ፖሊሲታት፡ ሕጋጋት፡ መምርሒታት፡ ደረጃታት፡ መለክዒታት የማዕብልን ምስ ጸዩቑ ድማ ትግበረኦም ይከታተልን።

• ንምጋም ኣከባብያዊ ጽልዋ ፕሮጀክትታት ልምዓት ይትግበርን ኣከባብያዊ ፍቓድ ይህብን።

• ኣከባብያዊ ንቕሓትን ኣፍልጦን ንምዕባይ ይሰርሕ።

• ኣብ ምክልኻል ኣከባቢ ዝጥዓሙ ዝምልከቶም ኣካላትን ዝዋስኡ ናይ ምትሕብባር መድረኽ ይፈጥርን ንምዕዛዙ ይጽዕትን።

• ኣከባቢ ንምክልኻልን ምዕቃብን ኣብ ዝኸቕሉ ግሉባውን ዞባውን ተበግሶታት እጃሙ የበርክት።

ጨንፈር ኣከባቢ ኣብ ዞባታት፦

ሀ) መደባት ጉስጓስ ኣከባብያዊ ንቕሓት ይውድብ።

ለ) ንኣከባቢ ክጸልዉ ዝኽእሉ ንጥፈታት ይቈጻጸር፡ ደንጋገታት ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ ምኽባሮም ንምርግጋጽ ኣድላዪ ስጉምትታት ይወስድ ወይ ከም ዝውሰዱ ይገብር።

ሐ) ንምጋም ጽሁኝ ጽልዋ ልምዓታዊ ፕሮጀክትታት የካይድን ኣከባብያዊ ፍቓድ ይህብን።

መ)) ንህሉዊ ኩነታት ኣከባቢ ዞባ ዘንጸባርቕ ሓበሬታ ይእክብን የመሓድርን። ስሩዕ ጸብጻብ ከባቢ-ጠቀስ ዕማማቱ ናብ ኣማሓዳሪ ዞባን ናብ ክፍሊ ኣከባቢን የቕርብ።

ኣሃዱ ኣከባቢ ኣብ ሚኒስትሪታት፦

1) ኣብ ነፍሲወከፍ ሚኒስትሪ ወይ ትካል፡ ኣብ'ቲ ዝምልከቶ ጽላት ስራሓት ምቍጽጻር ድሕነት ናይ ኣከባቢን ትግባረ ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚን ዝከታተል ኣሃዱ ይህሉ ወይ ይቐውም።

2) ነፍሲወከፍ ሚኒስትሪ፡ ኣብ ክሊ ዝተዋህቦ ስልጣንን ዕማማትን፡ ድሕነት ኣከባቢ ንምዕቃብን ምሕላውን ንደንጋገታት ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ ብዘይጻረር መገዲ ግቡኣቱ የሰላስል።


መሰረታውያን መጋበርያታት ምሕደራ ኣከባቢ፦

* ሃገራዊ ውጥን ምሕደራ ኣከባቢ (ኣከባብያዊ) ውጥን ትግባረ።

* ኣከባብያዊ ፍቓድ (ዳህሳስ) ኣከባብያዊ ጽልዋ።

ዓንቀጽ 19 ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ፡ ዝኾነ ይኹን ናይ ልምዓት ፕሮጀክት ወይ ንጥፈት፡ “ኣከባብያዊ ፍቓድ ከይረኸበ፡ ኣይትግበርን” ይሉ ድማ፦

* ንቕሓት ህዝብን ኣከባቢ ጠቀስ ሓበሬታን፣


ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ
ብመንግስቲ ኤርትራ ዝሕተም

ቅጺ 25/2017 ቁ.2 ኣስመራ 26 ጥሪ 2017 ዋጋ ናቕፋ 25

ኣዋጅ ቍጽሪ 179/2017
መርሓ ምክልኻልን ምሕደራን ፍወሳን ኣከባቢ ኤርትራ

ሕጋዊ ምልክታ ቍጽሪ 127/2017
ሕጋጋት ምክልኻልን ምሕደራን ኣከባቢ

GAZETTE OF ERITREAN LAWS
PUBLISHED BY THE GOVERNMENT OF ERITREA

VOL. 25/2017 NO. 2 Asmara 26th January 2017 Price Nakfa 25

PROCLAMATION No. 179/2017
THE ERITREAN ENVIRONMENTAL POTECTION, MANAGEMENT AND REHABILITATION FRAMEWORK

LEGAL NOTICE No. 127 /2017
ENVIRONMENTAL PROTECTION AND MANGEMENT REGULATIONS

* ኣከባብያዊ ደረጃታትን መምዘኒታት ብቐዓትን፣

* ቅድመ መጠንቀቕታን ምድላዋት ንሓደጋን፣

* ምርምር ንምዕቃብ መብቍላውነት ስርዓት-ኣከባቢ፣

* ድሕነት ህይወታዊ ብዙሕነት፣

* ምክልኻል ባህርያዊ ጸጋታት (ውርሻታት... ወዘተ) ምርግጋጽ የድሊ።

ምቍጽጻር ብከላን ምሕደራ ጕሓፍን፦

* ምቍጽጻር ብከላን ምሕደራ ጕሓፍን ዝኾነ ሰብ (ትካል) ኣከባቢ ዝበክል ጕሓፍ ኣየውጽእን፡ ኣይጕሕፍን ወይ እውን ከም ዝጕሓፍ ከም ዘወጽእ ኣይገብርን።

* ምቍጽጻር ተጐዳእትን ሰመምቲን ነገራት ካብ ዝምልከቶ ኣካል ብጽሑፍ ዝተረጋገጸ ወግዓዊ ፍቓድ ከይረኸበ፡ ነዞም ዝተጠቐሱ ሓደገኛታት ነገራት ናብ ሃገር ከእቱን ናብ ወጻኢ ክሰድድን ኣይክእልን ወይ ኣይፍቀደሉን።

ምሕደራን ምንካይን ጕሓፋት፦

ኩሎም ምምሕዳራት ከተማን ገጠርን ግቡእን ኣድማዕን ስርዓት ምሕደራን ምውጋድን ጕሓፋት የማዕብሉ። ብተወሳኺ፡

* ምኽልካል ምፍታው (ምስዳድ ጕሓፋት)

* ምክትታልን ምቍጽጻርን ክግበር ይግባእ።

ዝተፈላለዩ ደንጋገታት፦

ምኽባር ኣዋጅ፡ ንደንጋገታት ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚን ብኡ መሰረት ዝወጹ ሕጋጋትን ዝጥሕስ ዝኾነ ይኹን ሰብ፡ ገበን ከም ዝፈጸመ ይወሰድ። ገበኛ ምኻኑ እንተተረጋጊጹ ድማ፡ ብመሰረት ሕጊ መቕጻዒ ገበናት ይቐጻዕ።

ሕጋጋት፦ ሚኒስተር፡ ዕላማታት ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ ንምትግባር ምስ'ዚ ኣዋጅ'ዚ ዘሳንዩ ሕጋጋት ከውጽእ ይኽእል። መሰል ንምምስራት ሰፊሻዊ ክሲ፡ ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝ፡ ምክልኻልን ምፍዋስን ስርዓት-ኣከባቢ ዝምልከት ተሳትፎን ኣበርክቶን ናይ ኤርትራ ኣብ ኣህጉራውን ዞባውን ሽርክነት የድሊ።

ሕጋዊ ምልክታ ቑጽሪ 127/2017 ሕጋጋት ምክልኻልን ምሕደራን ኣከባቢ፡

1. ገምጋም ኣከባብያዊ ጽልዋን ኣከባብያዊ ፍቓድን፦

* ኣገባብ ምሕታት ኣከባቢያዊ ፍቓድ፣

* ሃገራዊ ኣገባብን መምርሒታትን ዳህሳስ ኣከባቢ፣

* ምግምጋም ዳህሳስ ኣከባብያዊ ጽልዋ፣

* ምሽካር ኣከባብያዊ ፍቓድ ምሃብ፣

* ምክትታልን ምቍጽጻርን፣

* ድሕሪ ፍቓድ ኣከባቢ ዝቐርብ ገምጋም ኣከባብያዊ ጽልዋን ስሩዓ ወሳኔታትን፡ ብዝርዝሩ ክተሪደሉ፣

2. ምቍጽጻር ብከላ፦

• ምሕደራን ምውጋድን ጕሓፋት፣

• ፈሰስትን በነኛትን ጕሓፋት፣

• ጸርጊንጠፍ ነገራት፣ (radioactive substances)

• ምሕደራን ኣታሕዛን ሰመምትን ሓደገኛን ነገራት (ኬሚካላት)፣

• ስምዕታ ንምህዳስ ኣከባቢ።

• ምድስካል ወይ ምስራዝ ፍቓድ።

ብመሰረት መርሓ ምሕደራን ምክልኻልን ፍወሳን ኣከባቢ ኤርትራ፡ ኣዋጅ ቍጽሪ 179/2017ን እዚ ሕጋዊ ምልክታን ወይ ካልእ ተፈጻምነት ብዘለዎ ካልእ ሕጊ ዝተወሃበ ፍቓድ ኣከባቢን፡ ዓል ፍቓድ ኣብ'ቲ ፍቓድ ዝተገለጸ ኩነት ምስ ዘይኽበር፡ ዝተዋህበ ፍቓድ ክእገድ ወይ ክስረዝ ይከኣል።



# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ክብሮም ተስፋይ ገብረኪዳን፡ ስም ኣደይ ገብርሄላ ረዳ ምባል ተሪፉ፡ ገብርሄላ ወደገያርገስ ረዳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 31/1/24 ኣብ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ፡፡

ዓብለሎም ጠዓመ ምባል ተሪፉ፡ ኮኾብ ጠዓመ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/24 ኣብ 1ይ መጋባእያ ቁ .32 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ምስጋና ኣፈወርቂ ባህታ፡ ስም ኣደይ ሂማን ጊላጋብር መዓሾ ምባል ተሪፉ፡ ለተሃይማኖት ጊላጋብር መዓሾ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/1/24 ኣብ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ይቕረብ፡፡

ልኡላ የውሃንስ ጊላይ ምባል ተሪፉ፡ ለላ የውሃንስ ጊላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/1/24 ኣብ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ይቕረብ፡፡

ይፍታሌም ተስፋይ ገብረጊዮርጊስ ምባል ተሪፉ፡ ንፍታሌም ተስፋይ ገብረጊዮርጊስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/1/24 ኣብ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ፡፡

ለተንስኣ ተኽልዝጊ ገብረማርያም ምባል ተሪፉ፡ ትንሳኤ ተኽልዝጊ ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/2/24 ኣብ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ፡፡

መሓመድ ሰዒድ እድሪስ ምባል ተሪፉ፡ ፋጥማ እድሪስ ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/24 ኣብ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ፡፡

## ሸሪዓ ዞባ ማእከል

ከሳሲት ሶፍያ ቓሲም ኣደም፡ ተኸሳሲ. ሙሳ ኸሊፋ መሓመድ ብርሃን፡ በዓልቲ ቤትካ ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ን30/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ቐረብ፡፡

ሪንያ ሰዒድ ኑር፡ ወከል ራሓና ኑር መዓሾ፡ ብስም ወረስቲ ሓጂ ኑር ሓሰን ዝርከብ ሊብሬቶ፡ ቁ. ምስክር ወረቐት 103302 መወከሲ. ቁ.121603 ዝርከብ ገዛ፡ ብውህብቶ ካብ ግምጃ መሓመድ ኣሕመድ ናብ ሳዕድያ መሓመድ ኣሕመድ፡ ዳሕራይ ድማ ናብ ራሓና ኑር መዓሾ ክሰጋገር ስለዝሓተተታ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ሮ ኣልጋሽ ሙብራህቱ ገብረዝጊ፡ ወላዲተይ ደሞት ደስታ ክፍሉን ኣቦሓጎይ ደስታ ክፍሉን ስለዝዓረፉ፡ ንወላዲተይ ተኪኤ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ደረጋጽለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

መዋእል ተስፋኣለም ተስፋማርያም ምባል ተሪፉ፡ ማዜማስ ተስፋኣለም ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/2/2024 ኣብ 4ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞ/ደቡብ - ዓረዛ

ብርሃኑ ኣሕመድ ሰራጅ ምባል ተሪፉ፡ ብርሃኑ ኣሕመድ ጀሃር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ እምኒ ሓይሊ

ወ/ሮ ትብለጽ ገብረ ወልደሃይማኖት፡ ኣቦይ ገብረ ወልደሃይማኖት ተሰፉ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወይ፡ 3 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኳናም ደረጋጽሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ምስጋና



ብሃንደበት ሕማም ዝዐረፈት ክብርቲ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ወለሽ ተስፋማርያም የማኑ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ዓዲ ሓርቦ ዘቃበርኩምናን ገዛ ዝተመላለስኩምን ካብ ወሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ዓጺና ኣሎና፡፡

በዓልቤታ ጥዑይ ገብረእግዚኣብሄር ተወልደመድህን ምስ ደቆም ምሉኣት ስድራቤትን

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ክቡር በዓልቤተይ መምህር ኣማኑኤል ሰመረ ገብረሚካኤል ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ነርወይ ከተማ ኦስሎ ሬሳ ዝለኣኽኩም፡ ኣብ መቓብር ሓዝሓዝ ዘቃበርኩምናን ከምኡ'ውን ብኣካል ተመላሊስኩምን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ንማስየገ፡፡

በዓልቲ ቤቱ ዮዲት ጎይቶኦም ደሞዝ
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራ-ቤትን

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ክቡር በዓል ቤተይ ኣብርሃም ብርሃ በርህ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፣ ካብ እዋን ሕማሙ ክሳብ ዕረፍቱ ዝተመላለስኩምን ከምኡ'ውን ኣብ ዳዕሮ ጳውሎስ ዘቃበርኩምናን ብኣካል ተመላሊስኩምን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ንማስየገ፡፡

በዓልቲ ቤቱ ሰላስ ሰለሙን ሃይለ
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራ-ቤትን

## ምልክታ ንኽፈልቲ ግብሪ

ንግዳዊ ንጥፈት ብምኽያድ ከምኡ'ውን ኣብይቲ ብምኽራይ ኣታዊ ዝረኽቡ ሰባትን ትካላትን፡ ኣብ ዓመት 2023 ዝረኸብዎ ኣታዊ ብምፍላጥ፡ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፍልሉ እዋን፡ ካብ ጥሪ 2024 ጀሚሩ ምዃኑ ዝሕብር፡፡ ከፊልቲ ግብሪ ኣብ ታሕቲ ቀሪቡ ብዘሎ ሰሌዳ ግዜ ግብሪ ኣብ ትኽፈልሉ ቤት ጽሕፈት ኣታዊ ወሽጢ. ሃገር ኣታዊኹም ብጊዜኡ ኣፍሊጥኩም ዝግብኣኩም ግብሪ መግለጺ ክትከፍሉ ንሕብር፡፡

ግብሪ ዝኽፈለሉ እዋን

| | |
|---|---|
| 1. ኣብይቲ ብምኽራይ ኣታዊ ዝረኽቡ ከፈልቲ ግብሪ | ካብ ወርሒ. ጥሪ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ. ለካቲት 2024 |
| 2. ካብ ንግዳዊ ንጥፈት ኣታዊ ዝረኽቡ | |
| 2.1 ኣብ ደረጃ 'ሐ' ዝምደቡ ከፈልቲ ግብሪ | ካብ ወርሒ. ጥሪ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ. ለካቲት 2024 |
| 2.2 ኣብ ደረጃ 'ለ' ዝምደቡ ከፈልቲ ግብሪ | ካብ ወርሒ. ጥሪ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ. መጋቢት 2024 |
| 2.3 ኣብ ደረጃ 'ሀ' ዝምደቡ ከፈልቲ ግብሪ | ካብ ወርሒ. ጥሪ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ. ሚያዝያ 2024 |

ግብሪ መግለጺ ኣብ እዋኑ ዘይምኽፋል፡ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ዘስዕብ ኣብ ርእሲ. ምዃኑ፡ ኣታዊኻ ዘይምፍላጥ፡ ምሕባእ ኮነ ኣትሒትካ ምሕባር፡ ብገበናዊ ሕጊ ዘሕትት ከም ዝኾነ ንሕብር፡፡ ከፈልቲ ግብሪ ዝ. ተረዲእኩም ኣታዊኹም ብጊዜኡ ኣፍሊጥኩም ግብሪ መግለጺ ኣብ እዋኑ ክትከፍሉ ንሕብር፡፡

ርሑስ ምጅማር ሓድሽ ዓመት 2024 ይግበረልና፡

ክፍሊ. ኣታዊ ውሽጢ. ሃገር
ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ኣብ 2024 . . .

ንለ ኣዋርሕ ኣብ ዕረፍቲ ዝጸንሐ ዓለምለኻዊ ቅድድም ብሽክለታ፡ ናብ ውድድር ኣብ ዝምለሱሉ ዘሎ እዋን፡ ኤርትራውያን ፕሮፈሽናላት ተቐዳደምቲ ካብ ድሕሪጸግሕ ጀሚሮም ኣብ ዝተፈላለዩ ውድድራት ክስተፉ እዮም።



ኣብ ሓዳስ ዓመት 2024፡ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ዝስተፍላ ቀዳመይቲ ውድድር፡ 'ዙር ሳንቶስ ዳውን ኣንደር' ተባሂላ እትጸዋዕ እያ፡ እዛ ኣብ ደብባዊ ክፋል ኣውስትራልያ እትካየድ ውድድር፡ ሎሚ ዓመት ንመበል 24 ግዜኣ እያ ክትቃናዕ፡ ሽዱሽተ መድረኻት ድማ ሓዚላ ትርከብ።

ኣብዚ ናይ ድሕሪ ጽባሕ ውድድር ክልተ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ - ቢንያም ግርማይን ናትናኤል ተስፋጼንን እዮም ክስተፉ።

**ቢንያም**

ተቐዳዳማይ ክለብ ኢንተር ማርቸ ዝኾነ ቢንያም ግርማይ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዝተፈላለዩ ውድድራት ሓደ ካብቶም ተጠመትቲ ተቐዳደምቲ ምንባሩ ይዝከር። ይኹን እምበር፡ ብሰንኪ ተደጋጋሚ መውደቕቲ ካብ ብርክት ዝበሉ ውድድራት ክኽልእ ብምቕጻሉ፡ ን2023 ከም ዝጸበቐ ኽቕልሎ ብጽቡቕ ክውድኣ ኣይከኣለን።

ኣብ ቱር ዲ ፍራንስ ኣብ ሻውዓይቲ መድረኽ - ሳልሳይ፡ ኣብ መበል 21 መድረኽ - ሻዱሻይ፡ ኣብ ካልኣይቲ መድረኽ ዙር ሰዊዘ - ቀዳማይ፡ ኣብ ሳልሰይቲ መድረኽ ቲረኖ ኣድሪያቲኮ ሳልሳይ፡ ኣብ ቮልታ ላ ኮሙኒታ ቫለንሺያ ኣብ ቀዳመይቲ መድረኽ - ቀዳማይ ክኸውን ካብቲ ተጠቃሲ ዓወታቱ ነይሩ።

ክሳብ 2026 ማልያ ክለቡ ክለብስ ዝተወዓዓለ ቢንያም፡ ኣብ 8 ጥቅምቲ 2023 ኣብ ፈረንሳ መበል 14 ደረጃ ዝሓዘላ ናይ ሓንቲ መድረኽ ውድድር ድሕሪ ምስታፉ፡ ድሕሪ ጽባሕ እዩ ናብ ውድድር ክምለስ።

**ናትናኤል**

ዝሓለፈ ዓመት ምስ ሊድ ትረክ ዝተጸምበረ ናትናኤል፡ ሽው በቲ ቀዳማይ ውድድሩ እዛ ድሕሪ ጽባሕ ዝስተፈላ - 'ዙር ሳንቶስ ዳውን ኣንደር' ነይራ፡ ኣብ ብዮጊ ማልያ ድማ ካብ ዕወት 1 ደቒቕ 18 ካልኢትን ድሒሩ መበል 14 ደረጃ ሒዙ ዛዚሙ።

ብሓፈሻ ኣብታ ዓመት፡ ጂሮ ዲ ኢጣልያን




ካልኦትን ዝርከብዎም ውድድር ክስተፍ እንከሎ፡ ኣብ ካልኣይቲ መድረኽ ክራይቱርጃም ደልፊነ ሳልሳይ ደረጃ ዝሓዘ ዝዓበየ ዓወት ነይሩ። ምስ ክለቡ ኣብ ምዝዛም እዛ ዓመት ዘብቅዕ ውዕል ዘለዎ እዚ መንእሰይ፡ ኣብ 2023 ናይ መወዳእታ ውድድሩ ኣብ ጥቅምቲ 15 ኣብ ኢጣልያ ምካያዱ ይዝከር።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ከም በዓል ጁሊያን ኣላፍሊፕ፡ ሳይሞን ያተስ ፈለፓ ጋና፡ ካሌብ ኤዋን ዲ ቫን ፖፕልን ዝኣመሰሉ ስሙያት ተቐዳደምቲ ክስተፉ እዮም።

ኣብ 1999 ዝጀመረ 'ቱር ዳውን ኣንደር'፡ ኣብ 2008 ኣካል ዎርልድ ቱር (World Tour) ክኸውን በቒዑ። ናይ 2.UWT (2 UCI World Tour) መዐቀኒ ከኣ ኣለዎ። ንናይ ዝሓለፈ ዓመት ድማ ኣብል ዩኤይኤ ኢማራትስ ጃይ ቫይን ተዓዊቱሉ ነይሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሎሚ ዓመት ናብ ክለብ ኣስታና ዝተጸምበረ ሄኖክ ምልእብርሃን፡ ዝመጽእ 30 ጥሪ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ፋልማይ ውድድር ክስተፍ ምኳኑ ተፈሊጡ ኣሎ። ዝበለጸ ተቐዳዳማይ ኣፍሪቃ 2023 ዝተሰምየ ሄኖክ፡ ዝሓለፈ ዓመት ብዘርኣዮ ሱሓቢ ብቕዓት ናብዚ ዓበይ ናይ ዎርልድ ቱር ክለብ ምጽምባሩ ይዝከር። ምስ ብሩኽ ምጅማር ሓደሽ ዓመተ-ስፖርት፡ ኣብዚ ወርሒን ድሕሪኡን ውድድርም ንዘጀምሩ ኩሉ ተቐዳደምትና - ሰናይ ዕድል ንምኒ።

## ኤል-ክላሲኮ

እተን ዝዓበያ ክልተ ዓበይቲ እስጳኛውያን ጋንታታት እየን፡ እቲ ንሓድሕደን ተራኺበን ዝካየዳኦ ጸወታ ከኣ - ካብ 13 ግንቦት 1902




ጀሚሩ - 'ኤል ክላሲኮ' ተባሂሉ ይጽዋዕ ኣሎ። ካብቲ ግዜ ጀሚረን ናይ ምሕዛኡት ጸወታኦን ጉዳፍን 255 ግጥማት ምክያደን ሰነዳት የረድእ። ኣብዚ ዓመት፡ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ናይ ሊግ ጸወታ ዘካየዳ እዘን ጋንታታት፡ ሎሚ ንተኸታታሊ ካልኣይ ግዜኣን ናይ ፍጻመ ጸወታ ሱፐር ኮፓ እስጳኛ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ከካይዳ እየን - ሪያል ማድሪድን ባርሴሎናን።

ንኣትሌቲኮ ማድሪድ 5-ብ3 ረቲዓ ናብ ጸወታ ሓሊፋ ዘላ ሪያል ማድሪድ፡ ዝሓለፈ ዓመት ዝኸሰረታ ጸዋእ ንምልዓል ቖራ ትርከብ። ኣብዚ ወቕቲ ኣብ ብሉጽ ኣቃውማ ዘላ እዛ ጋንታ፡ ዝሓለፈ ዓመት - ወርሒ መስከረም ብኣትሌቲኮ ማድሪድ እኳ እንተተሳዕረት፡ ኣብ ዝሰዓቡ 20 ዝተፈላለዩ ግጥማት ግን ኣይተዝርከሸትን - ኣብ 17 ዓወት ኣብ ሰለስተ ማዕረ ተፈላልያ። በዚ ከኣ ናብዚ ናይ ሎሚ ጸወታ ምስ ምሉእ ርእሰ ተኣማንነት ክትኣቱ ዘኽእላ ምኳኑ ይግለጽ። ብዓቢ ከኣ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ ንባርሳ 2-ብ1 ስዒራታ ብምንባራ፡ ተኸታታሊ ካልኣይ ዓወት ንምስናድ ክትጽዕት እያ።

ኣታውን ወጻኢን ብቕዓት ተንጸባርቕ ዘላ ባርሳ፡ ንኦሳሱና ረቲዓ እያ ናብዚ መዛዘሚ መድረኽ በጺሓ ዘላ። ባርሳ፡ ንማድሪድ 3-ብ1 ረቲዓ ዕወትቲ እዚ ውድድር ኮይና ብምንባራ፡ ክብራ ንምዕቃብ እያ ክትሰርሕ። እንተተዓዊታ ከኣ ኑቲ ኣብ 2010-2011 ኣብ ትሕቲ ፐፕ ጓርድዮላ ብተኸታታሊ ዝተዓወተትሉ እዋን ክትመዓራረዮ እያ። ብዓንደ ርእሱ፡ ኑቲ ናይ ወርሒ ጥቅምቲ ስዕረት፡ ዋንጫ ብምልዓል ክትድብሶ እያ - ንኹሉ ብሉጽ ጺጋታት ማድሪድ ምስእተምክዮ።

ሀሉው ኩነታት ተጻወትቲ

ማድሪድ

እዛ ጋንታ፡ ንሉካስ ቫዝከስ ብሰንኪ ናይ ጭዋዳ መጉዳእቲ ኣይኽትጥቀመሉን እያ። ካርቫሃል'ውን ኣጠራጣሪ ምኳኑ ጋዜጣ ፋትቦል እስጳኛ ሓቢራ። ኣንጻር ኣትሌቲኮ ኣብ ዕረፍቲ ብሰንኪ ፈኮስ መጉዳእቲ ተቐይሩ ዝወጸ ቫልቨርደ ግና፡ ምስ ቀዳሞት 11 ክሰለፍ ምኳኑ ይግለጽ። ዩክረይናዊ ሉኒን ከኣ ንኬፓ ተኺኡ ክኣቱ ይግመት። እንተ ኮርቱዋ፡ ሚሊታኦን ኣላባን ግና፡ ኣብ ናይ ተሃደሲ ግዜ ምህላዉ ደርከቡ።

ባርሳ

ኣሰልጣኒ እዛ ጋንታ ዣቪ ሀርናንደዝ ውሽ ኣከፋፋሊኡ ፔድሪ ካብ ፈለማ ክሰለፍ ምኳኑ ገሊጹ ኣሎ። ካንሰሎ ግና፡ ንኹላዊ ግዜ ከድልዮ እዩ - ብመሰረት እዚ ዓላሚ፡ ዝኣሰ ኣመዘጋቢ ሹቶ ሱፐር ኮፓ እስጳኛ ክኸውን ዝጠቕዐ ላሚን ያማል ከኣ ንመጉዳእቲ ረፊንያ ተጠቒሙ ካብ ፈለማ ክኣቱ ምኳኑ ይግለጽ። ሓላዊ ልዳት ተር ስተገኑ ኣሎንሶን ጋቪን ግና፡ ብሰሪ ተፈላለየ መጉዳእቲ ተራ የብሎምን።

ካብ ስታትስቲክስ

* ካብዚ 255 ወግዓዊ ግጥማት፡ ማድሪድ 104 ግዜ ተዓዊታ፣ ባርሳ ከኣ 99 ግዜ ተዓዊታ። 52 ግዜ ማዕረ ተፈላልየን።

* ባርሳ፡ 14 ግዜ ነዚ ውድድር ብምዕዋት ጸብለል ትብል፣ ማድሪድ ብ12 ትስዕብ።

* ኣብዚ ውድድር፡ 16 ግዜ ተራኺበን፣ ማድሪድ 9 ባርሳ ሓሙሽተ ዓወት ኣመዝጊቡ። ክልተ ግዜ ማዕረ ተፈላልየን። ኣብዛ መበል 17 ከ?

ብኸመይ ከኣ ኣርባዕተ ክለባት ጥራይ ዝስተፋኦ?

ሱፐር ኮፓ፡ ካብ 2019 ጀሚሩ ኣርባዕተ ክለባት፣ ኣብ ላ'ሊጋ ቀዳመይቲን ካልኣይቲን ከምኡ'ውን ኣብ ፍጻመ ጸወታ ኮፓ ደል ረይ ዝበጽሓን እየን ክስተፋኦ ጀሚረን። በዚ ከኣ ባርሳን ማድሪድን ኣብ ላ'ሊጋ ቀዳሞት ክልተ፡ ኣብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ኮፓ ደል ረይ ከኣ፡ ሪያል ማድሪድን ኦሳሱናን (ማድሪድ 2-ብ1 ተዓዊታ ነይራ) ብምጽባሕን - ኦሳሱና ተሳታፊት ኮይና። ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ላ'ሊጋ ሳልሰይቲ ዝወጸት ኣትሌቲኮ ማድሪድ ግና፡ ሪያል ማድሪድ ብኽልተኡ መዳይ ሀላወኣ ብምውሓሳ እያ ነዚ ዕድል ረኺባቶ።

ስለምንታይ እዩ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ዝኻየድ?

ስዕድያ፡ ካብ 2019 ጀሚራ (ኣብ 2020-21 ኣብ እስጳኛ ተካይዱ) ነዚ ውድድር ተሰናድኣ ኣላ። እዛ ሃገር፡ ንፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ እስጳኛ፡ ክሳብ 2029 - ኣብ ነፍሲ ወከፍ ውድድር 30 ሚልዮን ዩሮ ክትከፍሎ ብምስምማዓ እያ፡ ነዚ ውድድር ኣብ መሬታ እተካይዶ ዘላ።

## እንታይ'ከ ይበሃል ኣሎ?

* እንግሊዛዊት ክለብ ቸልሲ ንኣጥቃዓይ ብራይተን ኢቫን ፈርጉሰን ከተጣይቀሉ ከም ዝጀመረት፡ ኢቭኒን ስታንዳርድ ዝተባህለ ማዕከን ዜና ኣፍሊጡ።

ብራይተን ካብዚ ወዲ 19 ዓመት ብሉጽ ኣየርላንዳዊ ተጻዋታይ፡ 100 ሚልዮን ፓውንድ ክትረክብ ከም ትኽእል ክኢላታት ዕድጊ ተጻወትቲ ይሕብሩ።

* ብመሰረት ዘ ሚረር ዝጸብጸቦ ሓበሬታ፡ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ንወዲ 21 ዓመት ሆላንዳዊ ተጻዋታይ ኣያክስ ኣምስተርዳም ብራያን ብርቢ ብኣንክሮ ትከታተሎ ኣላ።

* ገለ ካብ ኣባላት ቦርድ ሪያል ማድሪድ፡ እታ ጋንታ ኣብ ክንዲ ከይላን ምባፐ ንናይጀርያዊ ኣጥቃዓይ ናፖሊ ቪክቶር ኦሲመን ከተፈርሞ ኣለዋ ዝብል ሓሳብ ብምንቕሎም፡ ኣብ በርናቡ ዕግርግር ከም ዝተፈጥረ ይግለጽ ኣሎ።

* ኤቨርተን፡ ካብ በልጂማዊ ኣከፋፍሊኣ ኣማዱ ኦናና 60 ሚልዮን ፓውንድ ከም እትሓትት ኣፍሊጡ።

በዚ ከኣ ነዚ ወዲ 22 ዓመት ተጻዋታይ ዓይና ኣውዲትሉ ዝጸንሐት ኣርሰናል፡ ዘይተጸበየቶ ዋጋ ኮይንዋ ብምህላው፡ ገለ ተጻወትታ ክትሸይጥ ከም ትኽእል ይእመት።

* ሰዑዳዊት ክለብ ኣል ሂላል፡ ንወዲ 30 ዓመት ተኸላኻላይ ኣስቶንቪላ ሉካስ ዲኔ ንምውናን ዘርርብ ከም ዝጀመረት ተሓቢሩ።

* ዌስትሃም፡ ንማስርሕ ምስጥጋር ሜክሲኳዊ ተጻዋታይ ሳንቲያጎ ጂሜነዘ ብኣንክሮ ትከታተሎ ከም ዘላ ተገሊጹ። ፈይናርድ፡ ካብዚ ሜክሲኳዊ ኣጥቃዓይ 30 ሚልዮን ፓውንድ ክትኸስብ ትኽእል እያ - ብመሰረት ጸብጻብ ምስርሕ ምስጥጋራ።

## ኣርሰናል ኣጥቃዓይ ንምፍራም ትሰርሕ

ኣብ መሳርዕ ጋንታታት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ራብዓይ ተርታ ዘላ ዘላ ኣርሰናል፡ ንኣጥቃዓይ ቦሎኛ ጆሽዋ ዚርክዚ ንምፍራም ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣብ ውድድር ከም ዝኣተወት፡ 'ሜትሮ' ዝተባህለት ማዕከን ዜና ሓቢራ።

ኣርሰናል፡ ጉዳይ ኢቫን ቶኒ ዘለዎም ወገናት ዝሕብሩ - ወላ'ኳ ዝሓለፈ ሰሙን "ኣብዚ እዋን ኣጥቃዓይ ምፍራም ዘይመስል እዩ" እንተበሉ።

እዚ ኣሰልጣኒ፡ ኣቐዲሙ ኣብ ማስርሕ ምስጥጋር ኢቫን ቶኒን ኣጥቃዓይ ናፖሊ ቪክቶር ኦሰምሀንን ኣትዩ ምንባሩ ኣይሮሳዕን፡ ይኹን'ምበር፡ እታ ጋንታ፡




እንተዘይሰሊጥዋ እያ፡ ነዚ 50 ሚልዮን ፓውንድ ተተሚኑ ዘሎ ተጻዋታይ ከም ኣማራጺ ክትሕዞ ወሲና ዘላ። ኣሰልጣኒ ናይዛ ጋንታ ሚከል ኣርቴታ፡ ኣብዚ ናይ ወርሒ ጥሪ ማስርሕ ምስጥጋር ተጻወትቲ፡ ኤውሮጳ ማስመር መጥቃዕቲ ንምድልዓል ይሰርሕ ከም ዘሎ፡ ምስ ኢማራትስ ቅርበት ኣብዚ ወርሒ ኹም ክቡራት ተጻወትቲ ንምፍራም ብፍትሓዊ ፈይናንሳዊ ጸወታ ክትቕየድ ከም ትኽእል እዩ ዝገለጸ። በዚ ከኣ ሕሰር ዝበለ ተጻዋታይ ኣብ ተናድየሉ ዘላ ግዜ እዩ፡ ንጆሽዋ ዚርክዚ ዓይኒ ኣውዲቓትሉ።

ሓለፍቲ ዕድጊ ኣርሰናል፡ ነዚ ወዲ 22 ዓመት ተጻዋታይ ኣብ ሰሪኣ ኢጣልያ ዝርኣዮ ዘሎ ብቕዓት ክዕዘቡ ከም ዝቖዩ'ውን እሙናት ምንጮታት ይሕብሩ። ቦሎኛ፡ ንዚርክዚ ብ50 ሚሊዮን ፓውንድ ክትሸጦ ወዲኣቶ ከም ዘላ ከኣ ይግለጽ።

እዚ ተጻዋታይ፡ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ናይ 2022 እዩ ካብ ባየር ሙኒክ ብ10 ሚልዮን ፓውንድ ናብዛ ኢጣልያዊት ጋንታ ተጸንቢሩ። ዚርክዚ፡ ኣብዚ ወቕቲ ኣብ ሰሪኣ ሸውዓተ ሸቶታት ኣመዝጊቡ እኳ እንተዘሃለወ፡ ዘለዎ ኣካላዊ ቁመና ግና፡ ንማስመር መጥቃዕቲ ጋርስ ድርዒ ክኸውን ከም ዝኽእል ክኢላታት ይእምቱ። ማን ዩናይትድ፡ ነዚ ሆላንዳዊ ኣጥቃዓይ ብቐጻሊ ክትከታተሉ ብምጽንሓ ግና፡ ኣርሰናል ከቢድ ተወዳዳሪት ኪጋጥማ ከም ዝኽእል ብኢጋኡ ተዋሚቲ ኣሎ።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ዋንጫ ኣፍሪቃ

ናይጀሪያ - ኢኳቶሪያል ጊኒ 5:00 ድ:ቀ

ግብጺ - ሞዛምቢክ 8:00 ምሸት

ጋና - ኬፕ ቨርደ 11:00 ምሸት

ጽባሕ

ሴኔጋል - ጋምቢያ 5:00 ድ:ቀ

ካሜሩን - ጊኒ 8:00 ምሸት

ኣልጀሪያ - ኣንጎላ 11:00 ምሸት

ፕሪመር ሊግ

ኤቨርተን - ኣስቶን ቪላ 5:00 ድ:ቀ


ማን ዩናይትድ - ቶተንሃም 7:30 ምሸት

ሰሪኣ

ኤሲ ሚላን - ሮማ 10:45 ምሸት

ሊግ 1 ፈረንሳ

ለንስ - ፒኤስጂ 10:45 ምሸት



# ዳህሳስን ምርምርን

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣብ ገጠር ዝዓብዩ ቈልዑ፡ ዝለዓለ ናይ ተጻዋርነት ዓቕሚ ከምዘለዎም ተሓቢሩ



ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኮለጅ ኮርክ ዝመደበርም ተመራመርቲ፡ ኣብ ገጠራት ዝዓበዩ ቈልዑ ካብ ኣብ ከተማታት ዝዓበዩ መሳቱኦም፡ ዝለዓለ ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ከምዘለዎም፡ ኣብቲ ዘቕረብዎ መጽናዕቲ ከምዘረጋገጽዎ ሓቢሮም።

እቶም ተመራመርቲ፡ ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ሓደ ሰብ ኣብቲ ብንእሽቶኡ ክሎ ዝኸተሎ ዝበረ ቅዲ መነባብሮን ዝዑብረሉ ከባቢን ከምዝምርኮስ ገሊጾም። ንኣብነት፡ ስርዓት ተጻዋርነት ሓደ ሰብ ኣብ ንእሰ ዕድመኡ ንዘተፈላለዩ ኣካባብያዊ ረቋሒታት ብምቅላዕ ብዘጥርዮ ናይ ምክልኻል ብቕዓት፡ ኣቲ ድሒሩ ብምድንፋዕ ስርዓት ተጻዋርነት ክሰዕብ ዝኽእል ሕማም ከምዝምክቶ የረድኡ።

እቲ መጽናዕቲ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ዝርከቡ ህጻናት እዩ ተኻዪዱ። ኣብ ገጠራት ዝዓበዩ ቈልዑ፡ ብንእሽቶኦም ከለዉ ብዙሕ ግዜ ኣብ ደገ ዘሕልፉ፡ ኣመጋግባኦም ዘመናውነት ዘይዓብለሎ፡ ምስ እንስሳታት ዝቀራረቡን ካብ ኣብ ከተማ ዝዓበዩ ቈልዑ ዝዩዳ ንኻልኦት ነገራት ዝተቓልዑን እዮም። እዞም ንጥፈታት እዚኦም ከኣ ንስርዓት ተጻዋርነት ናይቶም ቈልዑ ብምድልዳል፡ ኣብ ዓቢ ዕድሚኦም ስርዓት ተጻዋርነት ክሰዕብ ዝኽእሉ ሕማማት ኣብ ምጕልሑ ኣፍሳሲ ግብረ መልሲ ንኸይህልዎም ደርኺ ከምዝኾኖም እዮም እቶም ተመራመርቲ ዘብርሁ።

እዋን ቈልዕነት፡ ስርዓት ተጻዋርነት መዛዕቢ ዝገብረሉ ኣገዳሲ ደረጃ ዕድመ ስለዝኾነ፡ ኣብዚ እዋን እቲ ምርሑ ቅዲ መነባብሮን እትነበረሉ ኣከባብን፡ ኣብ ቀረባ ዝቐናውሓ እዋንን ኣብ ጥዕና ልዑል ጽልዋ ከምዘለዎ፡ ኣብ መወዳእታ እቶም ተመራመርቲ ናይቲ ዩኒቨርሲቲ ኣፍሊጦም።

## መድሃኒት ሕማም መንሸሮ፡ ኣብ ምፍዋስ ሕማም ሽኮር ይፍተን?

ኣብ ኣውስትራልያ ዝርከቡ ተመራመርቲ፡ ነቶም ብGSK126ን ቴዝሙየሲታትን ዝጽውዑ ብምምሕዳር መግዛእቲ መድሃኒትን ኣመራጻ ኣብ መዓላ ክውዕሉ ፍቓድ ዝተዋህቦም መድሃኒታት ተጠቒሞም፡ ኣብ ጣፍያ (ፓንክርያስ) ዝርከቡ ኢንሱሊን ዘፍርዩ ዋህዮታት ዳግማይ ብምጥጣዕ፡ ኣብ ምቁጽጻር ሕማም ሽኮር ክጥቀምሉ ከም ዝኽእሉ ሓቢሮም።

እዞም ኣፋውስ ኣብ መስርሕ ምፍዋስ ብተደጋጋሚ ዘዩርእዩ ዓይነታት መንሸሮ ዝውዕሉ ኮይኖም፡ ኣብ ጣፍያ ዝርከቡ ዝጸነዉ ኢንሱሊን ዘፍርዩ ዋህዮታት ዳግማይ ብምጥጣዕ፡ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ኣብ ስራሕ ከውዕልዎም ከምዝኽእሉ እዩ ዝሕበር ዘሎ። እዞም ኣፋውስ ኣብ ቤት-ምርምር ኣብ ዝተፈተኑሉ እዋን፡ ብዚያዳ ኣብቶም ካብ ሽውዓተ ክሳብ 61 ዓመት ዝዕድመኦም ሕማም ሽኮር ዘለዎም ሰባት፡ ኣድማዕቲ ኮይኖም ከምዝተረኽቡ፡ እቶም ተመራመርቲ ገሊጾም።

ንኣብነት ኣሰዪቦም፡ ቀንዲ ኣተኩሮ እዞም ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ምፍዋስ ሕማም ሽኮር ዝውዕሉ ዘለዉ መድሃኒታት፡ ነቲ ኣብ ደም ዝርከብ ዓቐን ሽኮር ምቁጽጻርኳ እንተኾነ፡ ኣብ ምፍዋስ እቲ ቀንዲ ጠንቂ ኣተኩሮም ስለዘይገጹ ግን እዚ ሕማም ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምእታው ኣሸጋሪ ኮይኑ ምህላዉ ጠቒሶም።

እዚ ሓድሽ ኣገባብ ፍወሳ ግን፡ ነቶም ዝተረፉ ኢንሱሊን ዘፍርዩ ኣብ ጣፍያ ዝርከቡ ዋህዮታት ብምብርባር፡ ንምቁጽጻር እዚ ሕማም ዝቐየድ ተደጋጋሚ መስርሕ ፍወሳታት ብምእላይ፡ ኣብ ምፍዋስ ሕማም ሽኮር ክውዕል ኣተባባዒ ውጽኢት ተረኺቡዎ ምህላዉ ሓቢሮም።

እዚ ካብ ቤት-ምርምር ዘይወጸ ተስፋ ተረኺቡዎ ዘሎ መጽናዕታዊ ፈተነ፡ እዚ ሕማም ኣብ ዘለዎም ሰባት ንምፍታኑ፡ ነዞም ኣብ መስርሕ ምፍዋስ ሕማም መንሸሮ ዝውዕሉ መድሃኒታት GSK126ን ቴዝሙየሲታትን ብመልክዕ ከኒና ኣዳሊኻ፡ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ኣብ መስርሕ ከምዝርከቡ ኣፍሊጦም።

ብደረጃ ዓለም ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ 530 ሚልዮን ሰባት ምስ ሕማም ሽኮር ይነብሩ ምህላዎም ጸብጻባት ይሕብሩ። እዚ ቁጽሪ እዚ ኣብ 2030 ዓ.ም ናብ 643 ሚልዮን ሰባት ክብ ክብል ከምዝኽእል ይግመት።



## “ህጻናት ክሳብ ሰለስተ ዓመት ዝመልኡ ተለቪዥን ክዕዘቡ የብሎምን” ተመራማሪ


ካብ ሰለስተ ዓመት ንታሕቲ ዝርከቡ ተለቪዥን ኮነ ሞባይል ዝዕዘቡ ቈልዑ፡ ኣብ ኣከባብኦም ንዝቐርቡ ንጥፈታት ብግቡእ ክርድእዎ ከምዝጽገሙ፡ ኣብቲ ብኣመራጋውያን ክኢላታት እዚ ዓውዲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ክልል ተኻኢሉ ዘሎ።

እዞም ክኢላታት፡ ትሕቲ ሰለስተ ዓመት ዕድመ ዘርከቡ ህጻናት ብተደጋጋሚ ስክሪን ምስ ዝርእዩ፡ ምስ ኦውቲዝም ጸገም ኣቓልቦን ዝተሓሓዘ ዘይንቡር ጠባያት ከማዕብሉ ተኽእሎታት ከምዘሎ የጠንቀቑ። ንኣብነት፡ ብብዝሒ ስክሪን ዝዕዘቡ ህጻናት፡ ኣብ ዝኾነ ይኹን ንጥፈት ክሳተፉ ድሌት ዘይብሎም፡ ኣቓልቦኦም ንምስሓብ ብዙሕ ንጥፈት ከተካይድ ዝጠልብ፡ ልዑል ደምጺ ዘለዎ ምስ ዝሰምዑ ወይ ከኣ ብርቱዕ ብርሃን ምስ ዝርእዩ ዓቕሎም ዘጽብቡን ምዃኖም ሓቢሮም።

እቲ መጽናዕቲ ኣብ ብርክት ዝበሉ ህጻናት ዝተኻየደ ኮይኑ፡ ስክሪን ዝርእዩ 1 ዓመት ዘቐጸሩ ህጻናት፡ ደቂ ሰለስተ ዓመት ምስ ኮኑ ካብቶም ኣብዚ ዕድመ ዝኾነ ተለቪዥን ኮነ ሞባይል ዘይዕዘቡ ዝበሩ ህጻናት፡ ኣብ ምድህሳስ ነገራት፡ ምስማዕ፡ ምዕዛብ፡ ምግንዛብ ጸገማት ከማዕብሉ ዘለዎም ተኽእሎ ብ105 ሚእታዊ ዝለዓለ ምዃኑ ተሓቢሩ።

ኣቐዲሞም ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ከምዝመልክትዎ፡ ስክሪን ብብዝሒ ዝዕዘቡ ህጻናት፡ ኣብ ኣእምሮኣዊ ምዕባለኦም ቋንቋ ቀልጢፎም ናይ ዘይምምላኽ ዝሕታሉ ናይ ጠባይ ጸገም፡ ሰእነት ድቃስ፡ ናይ ኣቓልቦ ምፍርራቕ፡ ቀሊልቲ ግድላት ናይ ዘይምፍታሕ ባህርን ቀልጢፎም ዓቕሊ ምጽባብን ዝኣመሰሉ ጠባያት የማዕብሉ።

ኣብቲ መጽናዕቲ፡ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን ዝመልኡ መዓልታዊ ስክሪን ዝዕዘቡ ቈልዑ፡ ቲቪ ወይ ሞባይል ዝዕዘቡላ ነፍሲ-ወከፍ ተወሳኺት ሰዓት፡ ኣብ ህዋሳዊ ስርዓት፡ ጸገም ከማዕብል ዘለዎ ተኽእሎ ብ23 ሚእታዊት ክብ ከምእተብሎ ተገሊጹ። እቲ ብምውሳኽ ሰዓታት ኣብ ስክሪን ዝፍጠር ምዝንባዕ ናይ ህዋሳት፡ እቶም ቈልዑ ዕድመ እናወሰኹ ምስ ዝኸዱ፡ እቲ ሚእታዊት እውን ብኡ መጠን እናንገደለ ከምዝኸይድ ተሓቢሩ።



እቶም ክኢላታት ኣብ መወዳእታ፡ ትሕቲ ክልተ ዓመት ዝዕድመኦም ህጻናት ዝኾነ ስክሪን ክዕዘቡ ከምዘይብሎም ከጠንቅቑ ከለዉ፡ ካብ ክልተ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ዝርከቡ ህጻናት ድማ፡ ኣብ መዓልቲ ካብ 1 ሰዓት ዘይነውሕ ተለቪዥን ወይ ሞባይል ክዕዘቡ መኺሮም።

## ኣብ ምስራሕ ዊስኪ ዝፈሪ ረሳሕ ማይ፡ ናብ ጽሩይ ነዳዲ ይልወጥ

ኣብ ስኮትላንድ ዝርከቡ ሰሩ ፍልጠተኛታት፡ ኣብ ምስራሕ ዊስኪ ካብ ዝፍጠር ረሳሕ ማይ ተጠቒሞም፡ ጽሩይ ነዳዲ ክምስርሑ ከምዝኽእሉ ተሓቢሩ።

እዚ ሓዲሽ ምልዋጥ ረሳሕ ማይ ናብ ጽሩይ ምንጩ ጸዓት፡ ነቲ ዓመታዊ ኣብ መስርሕ ዊስኪ ዝፍጠር 1 ሚልዮን ቶን ረሳሕ ማይ ኣብ መዓላ ከውዕሎ ከምዝኽእል እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ሃይድሮጅን ሓደ ካብቶም ኣብ መጻኢ ብሰፊሑ ክሰርሓሉም ዝሕሰቡ ዘለዉ ዓይነታት ጽሩይ ነዳዲ እዩ። ካብ ትሸዓተ ሊትሮ ማይ ሓደ ኪሎ ሃይድሮጅን ስለ ዝምስራሕ ግን ካብቲ ዓመታዊ ኣብ ምፍራይ ሃይድሮጅን ዝውዕል 2.5 ቢልዮን ሊትሮ ጽሩይ ማይ ውሑድ ዓቐን ሃይድሮጅን ጥራይ እዩ ዝምስራሕ። ንጠለብ ነዳዲ ሃይድሮጅን ንምምላእ ብዚዩካ ጽሩይ ማይ ካልእ ምንጮታት ምፍታሽ ኣገዳሲ ምዃኑ እዮም ክኢላታት እዚ ዓውዲ ዝገልጹ።

እዞም ተመራመርቲ ከኣ ዝ. ካብ መስርሕ ምፍራይ ዊስኪ ዝተረፈ ረሳሕ ማይ ተጠቒሞም፡ ዓቐን እቲ ኣብ ምፍራይ ነዳዲ ሃይድሮጅን ዝውዕል ጽሩይ ማይ ከጕድልዎ ሓደ ካብቲ ዝሰርሕሉ ዘለዉ ቀንዲ ዕላማ ምዃኑ ገሊጾም። እዚ ካብ ረሳሕ ማይ ክምስራሕ ክኢሉ ዘሎ ነዳዲ ሃይድሮጅን፡ ብዓይነቱ ዝተረቛቐቐ መስርሕ ዝፈሪ ኮይኑ፡ ብዘይ ዝኾነ መጠን ብዙሕ እውን ካብ'ዚ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ካብ ጽሩይ ማይ ዝፈሪ ዘሎ ነዳዲ ሃይድሮጅን ዝለዓለ ምዃኑ ሰሪሖም የመልክቱ።



እዞም ጉጅለ ተመራመርቲ፡ ካብ ዝተጓሕፈ ረሳሕ ማይ ካልኦት ዓይነት መስተታት፡ ኣገዳሲ ማዕድናት ንምብርባር ተወሳኺ መጽናዕቲ የካይዱ ምህላዎም ኣብ መወዳእታ ሓቢሮም።

## ናይ ቆርበት ባክተርያ፡ ኣብ ምፍዋስ ፈጸጋ ተስፋ ይህብ


ምህንድስናዊ መስርሕ ዝተኻየደሉ ኣብ ቆርበት ዝርከብ ባክተርያ፡ ፈጸጋ ምሉእ ብምሉእ ከሕዊ ከምዝኽእል፡ ኣብ ሓደ ሓዲሽ መጽናዕቲ ተሓቢሩ።

ኣብ'ዚ መጽናዕታዊ ምርምር፡ ብህርያዊ መስርሕ ፈጸጋ ዘሕዊ ፕሮቲን ንምፍራይ፡ ኣብ c.acnes ዝበሃል ኣብ ቆርበት ዝርከብ ባክተርያ ምህንድስናዊ መስርሕ ከምዝተኻየደ እዩ ዝገለጸ ዘሎ።

ፈጸጋ ሓደ ካብቶም ልሙዳት ኣብ ቆርበት ዝርኣዩ ጸገማት እዩ። እዚ ብምዕባስ መናፈት ቆርበት ወይ'ውን ብድሪ ናይ ቆርበት ዝፍጠር ሕማም፡ ብምልክታቱን ሳዕቤናቱን ይፈላለ እዩ። ፈጸጋ ኣብ ገጽ፡ ኣፍልቢ፡ መንኩብን ላዕለዋይ ክፋል ሕቖን ዝርአ ኮይኑ፡ ኣብ ዝኾነ ዕድመ ንዝርከብ ሰብ የጥቅዕ፡ ገለ ዓይነት ፈጸጋ ምስ ግዜ ባዕሉ ዝጠፍእ ክኸውን ከሎ፡ ገለ ድማ ሕክምናዊ ፍወሳ ክሳብ ዝቐርበሉ ይጸንሕ።

እዞም ኣቕረብቲ እዚ መጽናዕቲ፡ እዚ ሕክምናዊ ፍወሳ ዝጠልብ ብቐሊሉ ዘይሓዊ ዓይነት ፈጸጋ ንምእላይ እዩ፡ ኣብ'ዚ ኣብ ቆርበት ዝርከብ ባክተርያ ምህንድስናዊ መስርሕ ብምክያድ ዝሓመመ ቆርበት ዝጠልቦ ፍወሳ ክህብ ዝበቕዕ ዘሎ።

እዚ ጌና ካብ ቤት-ምርምር ዘይወጸ ዘሎ ፈተነ፡ ኣብ ምሕዋይ ዝተፈላለዩ ሕማማት ቆርበትን ካልኦት ዓይነት ሕማማትን ባብ ዘርሑ ምዃኑ ኣካየድቲ እቲ ምርምር ይገልጹ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሂወት | 14/01/2024 | ጎደና ብድሆ፡ ከባቢ ሹቁ (ጥቓ ኢንሹራንስ ነበር) | 123355 |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት መረብ | | ጎደና ዓድዃላ ቁ.ገዛ 17፡ ከባቢ ሰሃማ ሓዋሴን | 123690 |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጉት | | ጎደና ኣፍዓበት ቁ.209፡ ፊት ሆስፒታል ዕዳጋ ሓሙስ | 125154 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services